ኢፕድ
# ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 42 23 ነሓሰ 2016 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00

# ዓብይ ህዳሰ ግድብ ኢትዮጵያ ንኹሉ ኣፍሪካ ኩርዓትን ብርትዐን ‘ዩ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ዓብይ ህዳሰ ግድብ ኢትዮጵያ ንኹሉ ኣፍሪካ ኩርዓትን ብርትዐን፤ ምልዋጥ ንኽእል ኢና ንክበሉ ዝቅስቅስ ሓይሊ ‘ዩ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም። 3ይን 4ይን ተርባይናት እቲ ግድብ ስራሕ ጀሚሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ብዛዕባ ኸይዲ ኣፈፃፅማ ሰራሕ እቲ ግድብ ሓዚ ዘለዎ ቁመናን ኣብ ዘሃብዎ መብርሂ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብዚ እዋን ኣርባዕተ ተርባይናት ሓይሊ እናፈልፈሉ እንትኾኑ፤ ድሕሪ ኣርባዕተ ወርሒ ተወሳኺ ሰለስተ ተርባይናት ስራሕ ክጀምሩ ‘ዮም። እዚ ዓብይ ህዳሰ ግድብ ኢትዮጵያ ንኹሉ ኣፍሪካ ኩርዓትን ብርተዐን፤ ምልዋጥ ንኽእል ኢና ንክብሉ ዝቅስቅስ ሓይሊ ‘ዩ።

ዓብይ ህዳሰ ግድብ ክሳብ ዝመፅእ ወርሒ ታሕሳስ ናይ ስቪል ስራሕቱ ሙሉእ ንሙሉእ ክዛዘም ‘ዩ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒሰተር፤ ስራሕቲ ኤልክትሮ መካኒካል ድማ ኣብ ዝቅፅሉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ መልክዕ እናሓዘ ከምዝኸድን ሓፈሻዊ ናይቲ ግድብ ስራሕቲ ድማ ኣብ ዝቅፅል ዓመት ከባቢ ናብ ምዝዛም ምዕራፍ ከምዘበፅሕ ሓቢሮም።

ህዳሰ ግድብ ዳርጋ ወዲእናዮ ኢና፤ ድሕሪ ሐዚ ናይ ገንዘብ ኾነ ናይ ቴክኒካል ብዙሕ ስግኣት ኣይህልወናን ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒሰተር፤ ከደናቅፉና ዝሓስቡ ሰባት ቀቲሎምና፣ ጉድኣት ኣበፂሖምለና ክኾኑ ይኽእሉ

ዓብይ ህዳሰ ግድብ.... ገፅ 6



# ብምድህማስ መሬት ተወሳኺ ሓደጋ ከየጋጥም ሕብረተሰብ ልዑል ጥንቃቀ ክገብር ይግባእ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ብልዑል ዝናብ ኣቢሉ ዘጋጥም ዘሎ ምድህማስ መሬት ኣብ ሕብረተሰብ ሓደጋ እናጋጠመ ከምዝኾነን ሕዚ ‘ውን ካሊእ ተወሳኺ ሓደጋ ከየጋጥም ሕብረተሰብ ልዑል ጥንቓቀ ክገብር ዋና ኣማሓዳሪ ዞባ ደቡብ ትግራይ ኣይተ ሃፍቱ ኪሮስ ኣታሓሳሲቦም።

ከም ፀብፃብ ቴሌብዥን ትግራይ፣ ኣብታ ዞባ ዘሎ ብልዑል ሸፋን መጠን ዝናብ ኣቢሉ ብዝተፈጥረ ራሕሲ ኣብዝተፈላለዩ ወረዳታት ዝፍጠር ዘሎ ምድህማስ መሬት ኣብልዕሊ ሰብን ዝራእትን ጉድኣት የስዕብ ብምህላዉ ሕብረተሰብ ነዚ ሓደጋ ካብ ተቓልዑ ቦታታት ብምርሓቕ ክካላኸል ከምዝግባእ እቶም ዋና ኣማሓዳሪ ፀዊዖም።

ኣይተ ሃፍቱ ኪሮስ ከምዝበልዎ፤ ናይ መሬት ምድህማስ ጥራሕ ኣይኮነን ዘጋጥም ዘሎ፤ ናይ ጎበታት ምድህማሳት ‘ውን የጋጥሙ ኣለዉ ‘ዮም። ስለዚ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ህዝቢ ኩልሻብ ክጥንቐቕ ኣለዎ።

ዛጊድ ኣብ ወረዳ ሰልውሃን እንዳመኾንን ምድህማስ መሬት ከምዘጋጠመን ኣብ ወረዳ ሰልውሃ 8 መንበሪ ኣባይቲ ዓንዩ ኣብ 13 ሄክታር መሬት ዝለምዑ ዝራእቲ ሙሉእ ብሙሉእ ከምዘጥፈአ ገሊፆም።

ብምድህማስ መሬት.... ገፅ 7



መሰረት ኣለማየሁ

## ባዓላት ኣደባባይ ትኽክለኛ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ ከንፀባርቑ ከምዝግባእ ተገሊፁ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ባዓላት ኣደባባይ ትኽክልኛ ናይቲ ሕብረተሰብ ማንነትን ባህልን ዘንፀባርቑ ክኾኑ ከምዝግባእ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣክሱም መምህር ቋንቋን ስነፅሑፍን ዝኾና መሰረት ኣለማየሁ ገሊፀን።

ባዓሳት ኣደባባይ ... ገፅ 6

# ሕቶ በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያን ታሪኽን

መኣርግ ገ/ሄርን በሪሁ ኣረጋን

ትንታነ- ዜና

በሪ ባሕሪ ቑጠባውን ፖለቲካውን ዓቕሚ ሃገራት ንምህናፅ ወሳኒ ቑልፊ ምኺኑ ዝፍለጥ ‘ዩ። ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ንሕንሕ እናሓየለሉ ኣብ ዝመፅአ ኣብዚ ዘመን ሓያላን ሃገራት ካብ ዶበን ብዙሕ ርሕቕት ተሳጊረን ኣብ ዙርያ ወሰን ባሕርታት ሰራዊተን እናስፈራን ተጠቃምነተን እናስፍሓን ይርከባ።

ኣብ ኣህጉርና ኣፍሪካ ካብ ዝርከባ 54 ሃገራት እተን 17 በሪ ባሕሪ ዘይብለን እንትኾና፤ ካብ መንጎ እዚኣተን ኢትዮጵያ እታ ሓንቲ ‘ያ። ሰፊሕ መሬትን ቑፅሪ ህዝብን እናሃለዋ በሪ ባሕሪ ዘይብላ ምኻና ኣዝያ ከትጉዳእ ከምዝገብራ ምሁራን ይዛረቡ።

ታሪኽ ነዊሕ እዋን ዘለዋ ሃገርና፣ ምሁራን “ታሪኻዊ ስሕተት” ኢሎም ብዝፅውዑዎ ክስተት ዘፈር ብዙሕ ረብሓ ትረኽበሉ ዝነበረት በሪ ባሕርን ወደብ ዓሰብን ንክትስእን ተገዲዳ ‘ያ። ኢትዮጵያ ‘ውን ድሕሪ እዚ ስሕተት በሪ ባሕሪ ኾነ ወደብ ዘይብላ ሃገር ኾይና ፀኒሓ ‘ያ።

ሕጊ ማይ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ

ሕቶ በሪ ባሕሪ ... ገፅ 6



ገፅ 4 “ናይ ፅባሕ ፍረ ኣማዕዲና ብምርኣይ ንብሩህ መፃኢ ዘበን ብሓባር ክንሰርሕ ኣለና” - ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

ገፅ 5 በዓል ኣሸንዳን መስቀልን ብመልክዕ ቱሪዝም ንሃገርና ምስ ዓለም ነላልየሉ ዓብይን መፍለይናን ባህልና ‘ዩ - መምህር መሰረት ኣለማየሁ፣ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣክሱም መምህር ቋንቋን ስነፅሑፍን

ወጋሕታ **ዜና**

# ሓቦን ኒሕን ክሳብ ዝሃለወ ንቐፃሊ ብዙሕ ስራሕ ምስራሕ ይከኣል ‘ዩ

**መኣርግ ገ/ሄር**




ኣዲስ ኣበባ፡- ሓቦን ንሒን ክሳብ ዝሃለወ ንቐፃሊ ብዙሕ ስራሕ ምስራሕ ይከኣል ‘ዩ ክብላ ሓላፊት ቴክኒክ ሞያ ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይ ወይዘሮ ገነት ኣረፈ ገሊፀን፡፡

እተን ሓላፊት ነዙይ ዝበላ፣ብምትሕብባር “ኢፌዲሪ ስራና ክህሎት ሚኒስተር” ንቢሮ ቴክኒክ ሞያ ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይ ትማሊ ኣብ ከተማ መቐለ ስልጠና መዕበይ ዓቕሚ ኣመራርሓን ሰብ ሞያን ቴክኒክን ኣብ ዝተጀመረ ተረኺበን ኣብዘስመዐዖ መደረ ‘ዩ፡፡

ኣብ ትግራይ ብምኽንያት እቲ ኲናት ኮለጃትን ቴክኒክን ሞያ ከምዝተጉሓላን ከምዝዓነዋን ብምሕባር ዝሓበራ እተን ሓላፊት ፣ሓቦ፣ ኒሕ፣ ዓቕምን ፍልጠትን ኣብ ኢድና ብምህላው ብዝበፅሐ ዕንወት ከይተሰኮንና ብዘለና ሓይሊ ሰብን ናውትን ናብ ተግባር ብምእታውና ዝናኣድ ጅማሮታት ክረኣዩ ክኢሎም ‘ዮም ክብላ ኣረዲአን።

እዙይ ዘርእየና ዓቕሚ ኣብ ኢድና ብምህላው ንቐፃሊ ብዙሕ ምስራሕ ንኽእል ምዃንና ‘ዩ ዝበላ እተን ሓላፊት፣ እቲ ዝውሃብ ስልጠና ድማ ዝበለፀ ተወሳኺ ዓቕሚ ኮነ ኣንፈት ዝህብ ብምዃኑ ሰልጠንቲ ወገናት ብውነ ብምስልጣን ዝጎደሉ ዓቕምታት ንምምላእ ልዑል ተራ ከፃወቱ መልእኽተን ኣሕሊፈን፡፡

ካብ መተሓባበርቲ እቲ ስልጠና ዝኾኑ ኣይተ መብራህቱ ተስፋይ ብወገኖም፣ ኣብዚ ኣብ ከተማ መቐለ ዝውሃብ ስልጠና ሰልጠንቲ ዕላማን ተልእኾን እቲ ስልጠና ብውነ ተገንዚቦም ብምስልጣን ናብ ተግባራዊ ስራሕና ብምእታው ርኡይ ኣብ ውፅኢት ከነመዝግብ ይግባእ ኢሎም።

ከም ሓበሬታ ቢሮ ጉዳይ ኮሚኒኬሽን ትግራይ ኣብቲ ትማሊ ዝተጀመረ ስልጠና ካብ ፌደራልን ክልልን ዝመፁ ዝምልከቶም ኣካላት ይሳተፉ ኣለዉ። እቲ ስልጠና ልዕሊ 2000 ሰልጠንቲ ዘሳተፈን ካብ 22 ነሓሰ 2016 ዓ.ም ጀሚሩ ንኣስታት ክልተ ሰሙን ዝፀንሕ ‘ዩ፡፡


ወይዘሮ ኣበባ በርሀ


ወይዘሮ ነብል መሃዲ


መምህርት ብዙወርቅ ንጋቱ


ወጣት እታገኝ በቀለ

# ኣብ ሃገራዊ ምርድዳእ ረብሓ ደቂ ኣንስትዮን ሃገርን ንምርግጋፅ ምኽክር ወሳኒ ‘ዩ

**መኣርግ ገ/ሄርን**

ሓተታ- ዜና

ኣብ ሓንቲ ሃገር ከበድቲ ፖለቲካዊ ፀገማት ወይ መሰረታዊ ፍልልያት እንተጋጥም እቶም ፍልልያት ወይ ዘይምርድዳእ ብዘላቒ መንገዲ ንምፍታሕን ሃገራዊ ምርድዳእ ወሳኒ ‘ዩ። ሃገራዊ ምርድዳእ ዝመፅእ ድማ ዜጋታት ተቓራሪቦም እንትመኻኸሩ ‘ዩ።

ኣብ ሓንቲ ሃገር ከበድቲ ፖለቲካዊ ፀገማት እንተጋጥም እቶም ፍልልያት ወይ ዘይምርድዳእ ብዘላቒ መንገዲ ንምፍታሕ፣ ኣብ መንጎ መንግስትን ህዝብን ምትእምማን ንምፍጣርን ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምጥንኻርን ሃገራዊ ምኽክር ብምክያድ ወሳኒ ‘ዩ። ኢትዮጵያ ድማ ከምዚ ዓይነት ፀገም ስለዘጋጠማ ሃገራዊ ምክክር እነካየደት ትርከብ። ብምዃኑ ሃገራዊ ምኽክር ካብ ፖለቲካዊ ምርድዳእ ብዝዘለለ ብፍላይ ንህፃናትን ደቒ ኣንስትዮን ዘለዎ ትርጉም እንታይ ይመስል ንዝብል ዘዛራረብናየን ደቒ ኣነስትዮ ከምዚ ዝስዕብ ይብላ።

ሓላፊት ሊግ ደቂ ኣንስትዮ ጨንፈር ብልፅግና ትግራይ ወይዘሮ ኣበባ በርሀ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፀኦ፤ ሃገራዊ ምኽክር ካብ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ምርግጋእ ሓሊፉ ኣብ ደቒ ኣነስትዮን ህፃናትን ዘለዎ ትርጉም ልዑል ‘ዩ።

ንሓንቲ ሃገር ኣብ ሓደጋ ዘእትዉ ብዙሓት ‘ዮም። ንኣብነት ተፈጥሮኣዊ ሰብ ስራሕን ሓደጋታት ምጥቓስ ይከኣል ‘ዩ። ሰብ ስራሕ ሓደጋ እንትንብል እንተለና ሓደጋ መኪና፣ ባውር፣ ኣውሮፕላን ዝመሳሰሉ ምጥቓስ ይከኣል ‘ዩ። ብዋናነት ግን እቲ ኣዝዩ ከቢድ ናይ ኲናት ሓደጋ ‘ዩ ክብላ የብርሃ።

እዚ ከየጋጥም ሃገራዊ ምኽክር ብምክያድ እቶም ፀገማት ክፍትሑ ኣለዎም፤ ሰናይ ምምሕዳር ክህሉ ኣለዎ፤ እንዚኦም እንድሕር ሃልዮም ህዝቢ ‘ውን ዝተረጋገዐ ህይወት ከመርሕ ይኽእል ‘ዩ ይብላ ወይዘሮ ኣበባ።

ሃገር እንተዘይተረጋጊዓ ቕድሚ ኩሉ ተጎዳእቲ ደቒ ኣንስትዮን ህፃናትን ‘ዮም። ምኽንያቱ ኣዶ ማለት ኣዶ ቖልዑት ስለዝኾነት ደቓ ገዲፋ ክትሃድም ስለዘይትኽእል፣ ቖልዑ ብዘይ ኣዲኦም ክዓብዩ ስለዘይኽእሉ እታ ኣዶ ንደቓ ከትብል ተጎዳኢት ‘ያ። ብሓፈሻ ሃገራዊ ምርድዳእ እንተዘይሃልዩ ዋላ ኩሉ ተጎዳኢ ይኹን ብቐንዱ ግና ኣዴታትን ህፃውንትን ከምዝኾና ይገልፃ።

ብተማሳሳሊ ኣብዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ድሬዳዋ ዝተኻየደ ሃገራዊ ምኽክር እቲ ሃገራዊ ምኽክር ረብሓ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ንምርግጋፅ ወሳኒ ከምዝኾነ ኣብቲ ሃገራዊ ምኽክር ዝተሳተፋ ደቂ ኣንስትዮ ገሊፀን ‘የን።

ኣባል ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ክልል ሃረር ወይዘሮ ነብል መሃዲ ንትፕኢ ከምዝገለፀኦ፤ ሃገራዊ ምኽክር ሃገራዊ ምርድዳእ ብምስታፍን ናይ ደቂ ኣንስትዮን ሃገራዊ ረብሓ ንምርግጋፅ ወሳኒ መሰጋገሪ ምዕራፍ ‘ዩ። ካብቲ ምኽክር ዝርከቡ ውፅኢት ንዘላቒ ሃገራዊ ምርድዳእ ኹለንተናዊ ረብሓ ደቂ ኣንስትዮ ዘረጋግፁ ዝኾን ‘ዩ ክብላ ተዛሪበን ‘የን።

ምኽክር ከም ሃገር ዘለና እሴት ኾይኑ እናሃለወ ምኽክር ናብ ጎኒ ብምግዳፍ ሃገር ኣብ ፀገም ውሽጢ ክትኣቱ ከምዝኽኣለት ብምግላፅ፤ ኾይኑ ግን ንድሕሪት ብምምላስን ረብሓ ምኽክር ብምርዳእ ምኽክር ተጀሚሩ ‘ዩ፤ ከም ሃገር እናተኻየደ ዘሎ ሃገራዊ ምኽክር ሃገራዊ ምርድዳእ በፂሕና ዝሓሸ ሃገር ምህናፅ ትፅቢት ይግበረልና ይብላ።

እዚ እንድሕር ዘይተገይሩ መጀመርታ ተጎዳእቲ ክፋል ማሕበረሰብ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ከምዝኾነ ብምግላፅ፤ ደቂ ኣንስትዮ መሰረት ወለዶ ከምዝኾናን እንድሕር ተጎዲኣን ወለዶ ይጉዳእ፤ ወለዶ እንድሕር ተጎዲኡ ድማ ሃገር ኣይህሉን ክብላ የብርሃ።

ስለዚ ኣብ ምፍልላይ ሓሳብ ናብ ጎንፂ ካብ ዝወስዱ መንገድታት ንምምላስ ኮፍ ኢልካ ብምምኽኻር ሃገራዊ ምርድዳእ ብምስፋን ሃገርን ደቂ ኣንስትዮን ንምድሓን ኣብ ከይዲ ምኽክር ናይ ኹሉ ተሳታፍቲ ማሕበራዊ ሓላፍነት ከምዝኾነ ይገልፃ።

ደቂ ኣንስትዮ ኹሉ ናይ ምዕራቕ ተፈጥራዊ ፀጋታት ብምጥቃም ናብ ምርድዳ ዘሳግር ሓሳባት ብምፍልፋል ንሃገር ንባዕለንን ካብ ማሕበራውን ኢኮኖምያውን ፅዕንቶ ንምውፃእ ኣብዝካየድ ምኽክር ብንቅሓት ክሳተፋ ከምዝግባእ ይዛረባ።

ኣብ ሃገራዊ ምኽክር ዘይተሳተፉ ኣካላት ጉዳይ ወለዶ ናይ ምድሓን ጉዳይ ከምዝኾነ ተረዲኦም ክሳተፉ ከምዝግባእ ድሕሪ ምግላፅ፤ እቲ ኮምሽን ከይዲ እቲ ምኽክር ኣካታትን ኣሳታፍን ንምግባር ሕብረተሰብ ክልል ሃረሪ ንክርዳእ ብዝተፈላለዩ ቋንቋ ተበፃሒ ምግባሩ ንስኬት ዓብይ ግደ ኣለና ይብላ።

ካሊእ መምህር ብዙወርቅ ንጋቱ ናይ ወረዳ ሓኪም ወኪለን ኣብቲ መርሃ ግብሪ ከምዝገለፀኦ፤ ከም ሃገር ንምኽክር ኮፍ ምባልና ባዕሉ ዘረዳድኣና ነገራት ንምርድዳእ ሓምሳ ሚኢታዊ ርሕቐት ንፍታሕ ምቕራብና ዘርኢ ‘ዩ ክብላ ድሕሪ ምግላፅ፤ ንደቅና፣ ንኣዴታት፣ ንኣሕዋትና ብሓፈሻ ንሃርና እንትንብል ብቅንዕነትን ብታኣማንነትን ኣብቲ ምኽክር ብምስታፍ ሃገርን ህዝብን ዘፀግሙ ሓሳባት ምምፍልፋል ትፅቢት ይግበረልና ክብላ ተዛሪበን ‘የን።

ኣብ ከተማ ድሬዳዋ ደቂ ኣንስትዮ ዝወከላ ተሳታፊት ወይዘሮ ሂሩት ከበደ ብወገነን፤ ኣብ ሃገራዊ ምርድዳእ ዘይተፈትሑ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ማሕበራዊን ኢኮኖሚ ፅዕንቶ ንምምሕያሽ ሃገራዊ ናይ ኣፈፃፅማ ዓቕሚ ንክህልዋ ዝገብር ‘ዩ ድሕሪ ምባል፤ ሃገራዊ ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ዝተሃነፀ ቁፅሪ ደቂ ኣንስትዮ ብኹሉ ዘፈር መሰለን ንምኽባር ሰፊሕ ዕድል ንክረኽባ ስለዝገብር ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ምኽክር ብንቅሓት ብምስታፍ ሃገራዊን ማሕበራውን ሓላፍነት ከዋፅኣ ከምዝግባእ ይገልፃ።

እቲ ምኽክር ፀገማት ሃገራዊ ደቂ ኣንስትዮ ፀገማት ንምፍላይ ናይ ሃገርን ደቂ ኣንስትዮን ቁርፀኝነት ዝግለፀሉ መድረኽ ‘ዩ ዝበለት ድማ ካብ 01 ወረዳ መንእሰይ እታገኝ በቀለ ኮይና፤ ደቂ ኣንስትዮ እዚ ዕድል ተጠቒመን ንባዕለንን ንሃገርን ፍታሕ ንክርከብ ዕንቅፋት ክኾኑ ዝኽእሉ ሓሳባት ንምፍላቕ ንቁሕ ተሳትፎ ክገብሩ ይግባእ ክብላ ይምዕዳ።

## ግደ ልሂቃን -ንዕዉትነት ሃገራዊ ምኽክር

**በሪሁ ኣረጋ**

ሓተታ- ዜና

ሃገራዊ ምኽክር ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ንዝፍጠሩ ዘይምርድዳኣትን ጎንፅታትን መንቀሊ ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ንምምኽኻርን ኢሉ ‘ውን ፍታሕ ንምድላይ ዝዓለመ ‘ዩ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና ዝርከቡ ክፍልታት ማሕበረሰብ፣ ፖለቲከኛታት፣ ኣብ ወፃኢ ዝርከቡ ኢትዮጵያውያንን ኣብ ዝተፈላለየ ዘፈር ዝርከቡ ምሁራንን መሰረታዊ ኣጀንዳታት ምኽክር ኣብ ናይ ምፍላይ ምዕራፍ እናተሳተፉ ይርከቡ። ንኹሎም ክፋላት ማሕበረሰብ ዘማእኸለ ተሳትፎ ምህላዉ መሰረታዊ ኣጀንዳታት ምኽክር ንምፍላይ ዘይትካእ ግደ ከምዝህልዎ ‘ውን ይግመት።

ንምዃኑ ከምቲ ካብ መንጎ እቶም ተሳተፍቲ ሚዛናዊ፣ ምኽንያታውን ዝበሰለን ሓሳብ ክወሃብ እዩ ተባሂሉ ትፅቢት ዝግበር ክፍሊ ልሂቃን ኣብ ኸይዲ እቲ ምኽክር ዝህልዎ ግደ ከመይ ይግለፅ? ንኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ኣብ ምሕጋዝ ‘ኸ እቶም ልሂቃን ሓላፍነቶም እናተዋፅኡ ድዮም? ኣብ ቀፃሊ ‘ኸ ንዕዉትነት እቲ ምኽክር ካብ ልሂቃን እንታይ ትፅቢት ይግበር?

ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ብሌን ገብረመድህን ፖለቲከኛታትን ልሂቃንን ኣብቲ ሃገራዊ ምኽክር ብርክት ዝበለ ግደ ከምዘለዎም የረድኣ። ግደኦም ነቲ ምኽክር ዝመርሕ ትካል ካብ ዝጣየሸሉ ግዜ ጀሚሩ ምዃኑ ‘ውን የልዕሉ። ኣድለይቲ ሰነዳት ኣብ ናይ ምድላው ኸይድን ብሓፈሻ ብፍልጠቶምን ብልምዲ ስርሖምን ካብ ልምዲ ኻልኦት ሃገራት ንዝተገንዘቡዎ መሰረትና ብምግባር ነቲ ምኽክር ውፅኢታዊ ንምግባር ዘድልዩ እታዎታት ብምሃብ ሓገዝ ከምዝገብሩ ይዛረባ።

ናብ ኸይዲ እቲ ምኽክር እንትእተው ድማ ሓደ ሓደ ኣካል እቲ ኸይዲ ኣብቲ ምኽክር ኣጀንዳ ብምሃብ የገልግሉ፤ እቲ ኸይዲ ድሕሪ ምውድኡ ‘ውን ኣብ ምስምዕማዕ ዝተበፅሐሎም ጉዳያት ብትኽክል ምፍፃሞም እናተኸታተሉ ምርግጋፅን ኸይዲ ምኽክር ውፅኢታዊ ናይ ምግባርን ቑልፊ ተራ ይፃወቱ።

ኣብ ሃገርና ኣብቲ ኣብ ኸይዲ ምትእኽካብ ኣጀንዳ ዝርከብ ኸይዲ ሃገራዊ ምኽክር ‘ውን ልሂቃን ብርክት ዝበሉ ኣበርክቶታት እናገበሩ ከምዝርከቡ ዝገለፃ ኮሚሽነር ብሌን፤ ሓደሓዲኦም ‘ውን ኣባል ኮሚቴ ብምዃን ክፋላት ሕብረተሰብ ምፍላይ፣ ኣጀንዳ ዝኾኑ ሓሳባት ከም እታዎት ኣብ ምቕራብን ኣብ ኻልኦት ጉዳያትን ሃነፅቲ ርኢቶታት ብምሃብ ነቲ ኮሚሽን እናሓገዙ ከምዝርከቡ የመላኽታ።

እቶም ልሂቃን ወይ ምሁራን ካብ ዝህቡዎ እታዎት ትምህርቲ ምውሳደንን ምምሕያሻት ምግባረንን ዝዛረባ እተን ኮሚሽነር፤ ድጋፍ እቶም ምሁራን ኸይዲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ እቲ ምኽክር ውፅኢታዊ ኾይኑ ንኽሳዓዝ ዘግብኦም ግደ እናተዋፅኡ ከምዝርከቡ ይገልፃ። ካብቲ ኮሚሽን ወፃኢ ‘ውን ኻልኦት ምሁራን፣ መዳርግቲ ኣካላት ትምህርትን ኻልኦት ትካላትን ኣብቲ ሃገራዊ ምኽክር ዘለዎም ግንዛበን ኣበርክቶን ንኽውስኽ ኣብ ምግባር መዳይ ‘ውን እጃሞም እናተዋፅኡ ከምዝርከቡ ይሕብራ።

ኣብ ዩኒቨርስቲ ዋቸሞ መምህርን ተመራማራይን ሰላምን ድሕንነትን ተመስገን ቶማስ (ዶ/ር) ብወገኖም፤ ምሁራን ፀገም ማሕበረሰብ ብምፍላይ፣ ነቶም ፀገማት ‘ውን ፍታሕ ክኾኑ ዝኽእሉ ሓደሽቲ ሓሳባት ኣብ ምፍልፋልን ምምልኻትን ዓብዪ ተራ ከምዘለዎም ይዛረቡ።

ኣብቲ ሃገራዊ ፀገማትና ንምፍታሕ ዝዓለመ ሃገራዊ ምኽክር ‘ውን ምሁራን ዕላማ እቲ ምኽክር ንምዕዋት ዝብፅሖም ሓላፍነት ክዋፅኡ ከምዘለዎም ይገልፁ።

ምሁራን ማሕበረሰብ ናይ ምንቃሕ ግደ ‘ውን ከምዘለዎም ዘልዐሉ ተመስገን (ዶ/ር)፤ ዕላማ እቲ ኮሚሽን ናብ ሕብረተሰብ ንኽወርድን ሕብረተሰብ ነቲ ምኽክር ናይ ኢሉ ንክሕዞ ኣብ ምግባርን መዳይ ‘ውን ተርኦም ክዋፅኡ ከምዘለዎም ይሕብሩ። ኣብ ኸይዲ እቲ ምኽክር ኣ ሃገርና ዘለዉ ፀገማት ብምሉኦም ንሓዋሩ ፍታሕ ክርከበሎም ‘ዩ ማለት ዘይምዃኑ ምርዳእ ከምዘድሊ ዝዛረቡ እቶም መምህር፤ ብዋናነት ክፍትሑ ዝግብኦም ቐንዲ ፀገማትና ኣየንኦም ‘ዮም ዝብል ምፍላይ ካብቶም ምሁራን ትፅቢት ከምዝግበር ይዛረቡ።

ምሁራን ብመንፅር ዘለዎም ልምድን ፍልጠትን ካብ ዝኾነ ጉጅለ ወይ ኣካል ፖለቲካ ናፃን ሚዛናዊን ዝኾነ ኣረኣእያ ከምዝህልዎም ይእመን ዝበሉ ተመስገን (ዶ/ር)፤ ብመንፅር እዚ ዘላቒ ፖለቲካዊ ስርዓት፣ ዝተረጋገአ ሃገር ንኽይንሃንፅ መሕንቖ ንዝኾኑና ፀገማት ኣብ ምምልኻትን ንፀገማት ፍታሕ ኣብ ምድላይን ግደ ምሁራን መሰረታዊ ምዃኑ ኣጥቢቖም የስምሩሉ።

ኮሚሽነር ብሌን ብወገነን፤ ተሳትፎ ልሂቃንን ሕብረተሰብን ንዕዉትነት እቲ ምኽክር ኣዝዩ ኣድላዪ ምዃኑ ተዛሪበን፤ ልሂቃን ንማሕበረሰብ ብምፍላጥ፣ ብምንቃሕን እቲ ኸይዲ ጥዑይን ገለልተኛን ንክኾን ብምግባርን ብሞይኦምን ብዘለዎም ልምድን ንዝረኸብዎ ፍልጠት ነቲ ምኽክር ንምጥንኻር ልዑል ተራ ከምዘለዎም ይዛረባ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ዘለዉ ልሂቃን ዕዉትነት እቲ ምኽክር ንዓይ ‘ዩ ኢሎም ብጥንቃቐ ብምሓዝ፤ ካብ መንግስቲ ኾነ ፖለቲካዊ ፓርትታት ኣብቲ ምኽክር ፍቓደኝነትን ቐራፅነትን ንክህልው ብምግባርን ነቲ ምኽክር ብምጥንኻርን ብምሕላውን ብፅሒቶም ክዋፅኡ ከምዘለዎም ይሕብራ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## መረጋገፂ ዓቕሚ ምፍፃም ፕሮጀክትታት

ዓብይ ግድብ ህዳሰ መላእ ኢትዮጵያውያን ሓደ ዝገበረ፤መሰል ምጥቃም ሃፍቲ ማይ ዘረጋገፀ፣ናይ ሓይሊ ሕፅረት ትርጉም ብዘለዎ መጠን ዝፈትሕን ንኢኮኖሚያዊ ዕብየት ዓብይ እጃም ዘለዎ ፕሮጀክት 'ዩ፡፡ካብ ኢትዮጵያ ሓሊፉ ንኣፍሪካዊያን ኩርዓትን ብርትዐን፤ምልማዕን ምልዋጥን ከምዝክኣል ዘምህረ ገዚፍ ፕሮጀክት 'ውን 'ዩ ፡፡

እዚ ፕሮጀክት ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ኣብ ህንፀት ዝርከብ ኮይኑ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዘጋጠምዎ ብድሆታት ብምስጋር ሐዚ ኣብ ምዕራፍ ምዝዛም ይርከብ፡፡ቅድሚ ሐዚ ብኽልተ ተርባይናት ሓይሊ ምፍልፋል ዝጀመረ እንትኾን፤ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ድማ መበል ሳልሳይን ራብዓይን ተርባይናት ሓይሊ ምፍልፋል ጀሚረን ኣለዋ፡፡ድሕሪ ኣርባዕተ ወርሒ ድማ ተወሰኽቲ ሰለስተ ተርባይናት ናብ ስራሕ ክኣትዋ 'የን፡፡እዚ ድማ ጠለብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ሃገርና ንምምላእን ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ብምሻጥን እቶት ንምርካብን ጎዶባዊ ምትእስሳር ንምጥንኻርን ዓብይ ረብሓ ኣለዎ፡፡

እዚ ግድብ ብተሳትፎ መላእ ኢትዮጵያዊያን ህንፀቱ ተጀሚሩ ብናይ ባዕልና ዓቕሚ ብዘይ ናይ ደገ ሓገዝ ዝተሃነፀ ስለዝኾነ ፕሮጀክታት ጀሚርና ናይ ምፍፃም ዓቕሚ መረጋገፂ ተገይሩ ይውሰድ፡፡እዚ ብናይ ባዕልኻ ዓቕሚ ጀሚርካ ናይ ምውዳእ ተሞክሮ ኣብ ካልኦት ስራሕቲ'ውን ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ፡፡

ሲቪል ስራሕቲ ህንፀት ግድብ ህዳሰ ክሳብ ዝመፅእ ወርሒ ታሕሳስ 2017 ዓ.ም ናይ ሙሉእ ንሙሉእ ከምዝዛዘም ፣ ስራሕቲ ኤልክትሮ መካኒካል ድማ ኣብ ዝቕፅሉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ መልክዕ እናሓዘ ከምዝኸድን ሓፈሻዊ ናይቲ ግድብ ስራሕቲ ድማ ኣብ ዝቅፅል ዓመት ናብ ምዝዛም ምዕራፍ ከምዘበፅሕ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ኣብ መበል ሳልሳይን ራብዓይን ተርባይን ምጅማር ገሊፆም'ዮም፡፡እዚ ዓብይ ዓወት'ዩ፡፡

ህንፀት ግድብ ህዳሰ ካብ ፀገም ወፂኡ ኣብዚ ብርኪ እዚ ምብፅሑን ኣብ ናይ ምዝዛም ምዕራፍ ምህላውን ህዝቢን መንግስትን ኢትዮጵያ ጀሚሮም ናይ ምፍፃም ዓቕሞም መርኣያ ስለዝኾነ ኣዝዩ ዘኹርዕ ምዃኑ ምርዳእ ይግባእ፡፡

እቲ ግድብ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ዝኾነ ማይ ኣይሓዘን ነይሩ፤ ከምቲ ሐዚ ዝርኣይ ዘሎ ምስሊ 'ውን ኣይነበሮን ሎሚ ገና እቲ ግድብ ንድሕሪት ልዕሊ 205 ኪሎ ሜትሮ ማይ ዝሓዘ እንትኾን፤ ናብ ታሕቲ ዕምቆቱ ድማ 133ሜትር በፂሑ ኣሎ፡፡ እቲ ዝተፈጠረ ሰብ ዝሰርሖ ቓላይ ንምርባሕን ዓሳን ንቱሪዝምን ዓብይ ዓቕሚ ከምዝኸውን እሙን'ዩ፡፡

ህንፀት እቲ ግድብ ብዙሓት ፀገማት ዝሓለፈ'ዩ፡፡ናይ ፀጥታ ፀገም ሓዊሱ ቀረብ ሲሚንቶ ናብ ግድብ ንምብፃሕ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር መስዋእትነት ኸፊሉ እቲ ስራሕ ኣብዚ ብርኪ እዚ ክበፅሕ ገይርዎ ኣሎ፡፡ስለዚ ኣብ ህዳሰ ዝተኸፈለ ዋጋ ኣብዝሓ ኢትዮጵያዊ ቁም ነገሩን ስትራቴጂክ ሓሳቡን ብትኽክል ክርድዎ ይግባእ፡፡

ንህንፀት ዓብይ ግድብ ህዳሰ ከም ሃገር ዘሎን ዘየሎን ሃፍትና ኣኪብና፣ ለሚንና፣ ዜጋታት ዘለዎም ኣውፂኦም እቲ ግድብ ምስርሑ ካልኦት ድማ ዘለዎም ሃፍትን ግዜን ኣዋፂኦም ዓለምለኸ ፅዕንቶ ንምፍጣር፤ ኣብ ሃገር ውሽጢ ንምዕጣቅ መዲቦም ዝሰርሑ ነይሮም፡፡መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ግና ንዞም ፀገማት ኩሎም በዲሆም ኣብዚ ብርኪ ምብፃሖም ፕሮጀክታት ጀሚርካ ናይ ምፍፃም ዓቕሚ መርኣያ 'ዩ፡፡ስለዝኾነ ኢትዮጵያውያን ካብ ዝኾነ እዋን ብዝተፈለየ መገዲ ምርድዳእ፣ ንናይ ሓባር ዕላማ ደው ምባል፣ ብዘለና ዓቕሚ፣ ጉልበትን ግዜን ኩሉ ምትሕብባር ኣድላይ 'ዩ፡፡

ግድብ ህዳሰ ዝተኣሳሰር ቀጥታ ምስ ኢትዮጵያን ኢትዮጵውያን'ዩ፡፡ ቀፃልነት ዘለዎ ናይ ወለዶ ምቅብባል ህልውና ሃገር ምስ ምቕፃል ብምዃኑ ኩሉም ህዝብታት ሃገርና ኣብ ምዝዛም እዚ ፕሮጀክት ኮነ ኣብ ካልኦት እጃሞም ከወፍዩ ይግባእ፡፡ኣብ ግደብ ህዳሰ ሐዚ ዝተመዝገበ ዓወት ግና መረጋገፂ ዓቕሚ ምፍፃም ፕሮጀክት ከምዝኾነ ምርዳእ ግድን ይኸውን፡፡


**ወጋሕታ**

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ
ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

ዋና ኣሰናዳኢ
ፍቃዱ ሞላ
ኣድራሻ
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቁፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቁፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

ኣሰናዳእቲ
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ
ቁፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ
ቁፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

መከፋፈሊ
ቁፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋም እይኮኑን፡፡

## ከተሓሳስበና ዝግበኦ ጉዳይ ረብሓ ህዝቢ ወይስ ጉዳይ ስልጣን?

መሰረት ገብረዮሃንስ

ሰላም ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ንዕቤት ሃገር ወሳኒ ጉዳይ 'ዩ። ካብ ኩሉ ንለዓሊ ንሰላም ቀዳምነት ምሃብ ናይ መንግስቲ ጥራሕ እንተይኮነስ ናይ ኩሉ ህዝቢ 'ውን 'ዩ። ፖለቲከኛታት ብተሰሓሓተ መንገዲ ክኸዱ እንተለዉ ህዝቢ ኣይፋልኩምን ክብሎም ኣለዎ። ምኽንያቱ ፖለቲከኛታት ብዝተጓነፁ መሰረት ቐንዲ ተጎዳኢ እቲ ንፁህ ህዝቢ 'ዩ። ሰላም ብትኹረት መንግስቲ ጥራሕ ክፍሰፍን ኣይኽእልን። ካብ ማሕበረሰብ 'ውን ሓገዝ ክህሉ ግድን 'ዩ። ኩሉ ህዝቢ ንሰላም ጠጠው እንተይሉ ፀገማት ካብ ዓቕሚ ህዝቢ ንለዓሊ ክኾኑ ኣይኽእሉን። ሰላም ዓብዪ ቖላሕታ እንተረኺቡ ጉዳይ ሰላም ዘተሓሳስብ ኣይኸውንን፤ ኩሉ ንሰላም እንተሰሪሑ ፖለቲካዊ ፀገማት ብሰላማዊ መንገዲ ዘይፍትሕሉ ኩነታት ኣይህሉን። ሰላም እንድሕር ዘይሃልዩ ዘስዕቦ ፀገም ቐሊል ዝበሃል ኣይኮነን። ስእነት ሰላም ኣብ ኹነታት ቑጠባን ማሕበራዊ ቕልውላውን ዘለዎ ፅልዋ ብምርዳእ ኩሉ ህዝቢ ንሰላም ቐዳምነት ክህቦ ዝግባእ ጉዳይ 'ዩ።

ክልልና ትግራይ ብሰንኪ ስእነት ሰላም ካብቲ ዝነበረቶ ደረጃ ኣብ ክንዲ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ምስግጋር ንደሓር ተመሊሳ 'ያ። ስእነት ሰላምን ግዳያት ድኽነትን ጉስቑልናን ክትኸውን ከላ ብጣዕሚ ዘሐዝን 'ዩ። ብሰንኪ ምትፍናን ፖለቲከኛታት፣ ሰላም ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ህዝቢ እጃሙ ክፃወት ኣለዎ። ንሰላም ቐዳምነት ሂብካ ምስራሕን ዝተረኸበ ሰላም ምዕቓብን ካብ ኩላትና ተጋሩ ትፅቢት ዝግበር 'ዩ። ብሰንኪ ፖለቲካዊ ዘይምስምዕማዕ ህዝቢ ናብ ሓደጋ ከይወድቕ ጥንቓቐ ክግበር ኣለዎ። ፖለቲከኛታት ድማ ካብ ምትህልላኽ ወፂኦም ስኽን ኢሎም ክሓስቡ ኣለዎም። ከምዝፍለጥ ብሰንኪ ፖለቲካዊ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ጉድኣት በፂሕዎ 'ዩ። እዚ ከይድገም ዓብዪ ጥንቓቐ ክግበር ኣለዎ።

ሰላም ዓብዪ ቖላሕታ እንተረኺቡ ጉዳይ ሰላም ዘተሓሳስብ ኣይኽውንን፤ ኩሉ ንሰላም እንተሰሪሑ ፖለቲካዊ ፀገማት ብሰላማዊ መንገዲ ዘይፍትሕሉ ኩነታት ኣይህሉን

ኣብ መንጎ ኣማራርሓ ህወሓት ዝተፈጥረ ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ ብመሰረት ሃገራዊ ባህልን ተሞክሮን ክንፈትሖም ኣለና። ዓበይቲ ዓዲ ተጠቒምና ከንፈትሖም እናኸኣልና ፍፁም ናብ ዘየድሊ ምውርዋር ቓላት ክነምርሕ የብልናን። ካብ ወለድና ዝወረስናዮም ክብርታት ኣብ ተግባር ክነውዕሎምን ክንኽተሎምን ኣለና። ብኸምዚ ኣገባብ ሰላምና ናይ ምሕላው ልምዲ ክነዕብይ ይግበኣና። ሓድነትን ምትሕግጋዝን ልምድና ብምብራኽ ንለውጢ ክልልናን ሃገርናን ብሓባር ጠጠው ክንብል ይግባእ።

ወለድና ዘረከቡና ሃገር ንመፃኢ ወለዶ ብምንታይ መገዲ ክነረክቦም ከምዝግባእ ኣቕዲምና ክንሓስብ ይግባእ። ብፍላይ ድማ ኣብ ፍቕርን ሓድነትን ክንሰርሕ ትፅቢት ይግበረልና። ኣብ ክልልና ኢሉ 'ውን ኣብ ሃገርና ዘሎ ድኽነት ንምቕናስ መሰረተ ልምዓት ምስፍሕፋሕ፣ ሰላምን ድሕንነትን ሃገርና ካብ ናይ ደገ ፀላእቲ ብምሕላው ንሃገርና ብሓደ ጠጠው እንድሕር ኢልና ዘይንልወጠሉ ኩነታት ኣይህሉን።

ህዝቢ ትግራይ ድሕሪ ኹዚ ሰላሙ ክረበሽ ክፈቕድ የብሉን፤ ሰላም እንትርበሽ ናይ መጀመርታ ተጎዳኢ ህዝቢ 'ምበር ፖለቲካዊ ውድባት ኣይኮኑን። ብሰንኪ ናይ ዝሓለፈ ኩናት ዝዓነወ ንብረት ዝትክእ ዘሎ ህዝቢ 'ዩ። ስልጣን ብህዝቢ ዝውሃብ ክኸውን ኣለዎ። ህዝቢ ዘይቖፃፀሮ ስልጣንን መራሒን የድሊ። ምኽንያቱ ስልጣን ናይ ህዝቢ እንድሕር ዘይኮይኑ መራሒ እንትጋገ ዝቖፃፀሮ ስለዘይብሉ ኣብ ህዝብን ሃገርን ጉድኣት ምብፅሑ ዘይቐሪ 'ዩ። ካብ ፍቓድ ህዝቢ ወፃኢ ዝኸይድ ፖለቲከኛ መዘዙ ዝተርፍ ንህዝቢ 'ዩ። ዘይሩ ዘይሩ ካብ ርእሲ ህዝቢ ኣይወርድን።

በቲ በለ በቲ ንኹሉ ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ መፍትሒኡ ዘተ ክኸውን ኣለዎ። ዘተ ከንብል እንተለና ጉዳይ ስልጣንን ረብሓ ውልቖ ፖለቲከኛታትን ክኸውን እንተይኮነስ ሓደ ኮይና ንህዝቢ ዝጠቕሞ ስራሕ ከመይ ከንሰርሕ ኣለና ዝብል ክኸውን ኣለዎ። ትማሊ ፀገምን ጉድኣትን ዘብፅሑልና ከይንደግሞም ብኸመይ ከንኸይድ ኣለና ኢልና ሓቢርና መኺርና ተሰጣጢምና ከንኸይድ ኣለና። ንህዝቢ ዝጠቕም ሓድሽ መንገዲን መስመርን ከንክተል ኣለና። ከይተመኻኸርና ነቲ ዝሓለፈ ስብራትን ቑስሊን ምፅጋን ስለዘይንኽእል መኺርና፣ ተዛቲና፣ ህዝብና እንታይ ከምዝደሊ ኣዛቲና ዘላቒ ዝኾነ ፍታሕ ንምቕማጥ ምኽክር ኣድላይ 'ዩ።

ፀገም ዝፍጥር ዘሎ ዝተወሰኑ ፖለቲካዊ ኣማራርሓታት ንውልቐ ረብሐኦምን ስልጣኖምን ስለዝሓስቡ 'ዩ። እዚኦም ፅባሕ ንምምሕያሽ ንምቕያርን ዝፅዕሩ ኣይኮኑን። ዉሑዳት ኣባላት ፖለቲካ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ናይ ትማሊ ሓሳብ ተሸኺሎም ንህዝቢ ሳለም ከየስእንዎ ህዝቢ ነቒሑ ክከታተሎም ኣለዎ። ሕዚ 'ውን ብዛዕባ ውልቐ ስልጣን ረብሓን እናሓሰብካ ለውጢ ክመፅእ ኣይኽእልን። ኣፈላላያት ምህላው ፖለቲካዊ ባህሪ 'ዩ፤ ኾይኑ ግና እቲ ፖለቲካዊ ኣፋላላይ ንህዝቢ ናብ ሓደጋ ዘእቱ ክኸውን የብሉን። ካብ ውድብ ህዝቢ ይበልፅ፤ ካብ ውልቐ ስልጣን ሰላም ይቕደም። ልዕሊ ኹሉ ድልየት ህዝቢ ክስማዕን ክማላእን ይግባእ። ንኹሉ መሰረቱ ሰላምን ድሌት ህዝብን ምቕዳም 'ዩ።

ትግራይ ብሰንኪ ድኽመት ፖለቲከኛታት ብተደጋጋሚ ኣብ ከቢድ ሕልኽላኻት እናኣተወት መፂኣ 'ያ። ሕዚ ኣብ ፀገም ዘላ ክልል ፀገማታ ዝፈትሐላ እምበር ሒዝዋ ዝወድቕ ፖለቲከኛ ኣይኮነን ዘድልያ። ፀገም ህዝቢ ብትኽክል ተረዲኡ ነቲ ፀገም ንምፍታሕ ዝፅዕር ሓይሊ 'ዩ ዘድልያ። ነዚ ድማ ምትእኽኻብ፣ ምትሕግጋዝ፣ ምዝርራብ የድሊ። ብኸምዚ ብዙሕ ስራሕቲ ክስርሑ ይኽእሉ 'ዮም። ብሰላምን ፍቕርን ኢህን ሚህን ብምባል ዘይፍታሕ ፀገም የለን። ናይ ምፍታሕ ዓቕሚ ክነማዕብል ኣለና። ዘተ ንህዝቢ ዝሓቖፈ ክኸውን ይግባእ።

ብሓፈሻ ንክልልናን ህዝብናን ዝጠቅም ፖለቲካዊ ኣፋላላይካ ኣፅቢብካ ብሓባር ብምስራሕ ለውጢ ምምፃእ 'ዩ። ኸዚ ዘሎ ኣማራፂ ተኸባቢርካ ተደሚርኻ ንቕድሚት ምጉዓዝ 'ዩ። በዚ መንገዲ ምዕብልቲን ሰላም ዝሰፈነላን ክልል ክንፈጥር ንኽእል ኢና። ወለዶ ብዝርርብን ምይይጥን ዝኣምንን ክኸውን ኩልና እጃምና ክንዋፃእ ኣለና። ስንፍና፣ ሕመቕን ልመናን ናብ ወለዶ ከይነሐልፍ ጥንቓቐ ክንገብር ኣለና። ንናይ ሕዚ ስልጣን እንተይኮናስ ንናይ ፅባሕ ሰናይ ፍረ ሓሲብና ክንኸይድ ይግበኣና። ንኹሉ ምዕባለን ለውጥን መሰረቱ ሰላም ስለዝኾነ ተሓባቢሪና ንህዝብና ክንኽሕስ ኣለና። ብታሪኽ እናተወቐስና ክይንነብር ንህዝበይ እንታይ ጠቒመ ኢልና ብሓቦ ንሰላምን ለውጥን ክንለዓል ኣለና። ሰላም ክንደየናይ ኣድላይ ከምዝኾነ ካብ ዝሓለፈ ትምህርቲ ብምውሳድ እዚ ዝተፈጠረ ሰላም ተጠናኺሩ ንክቕፅል ኹላትና ሓላፍነትና ክንዋፃእ ኣለና።

# እዋናዊ ዛዕባ

## “ናይ ፅባሕ ፍረ ኣማዕዲና ብምርኣይ ንብሩህ መፃኢ ዘበን ብሓባር ክንሰርሕ ኣለና”

- ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

ኣብርሃ ሓጎስ

ከምዝፍለጥ ደኒታት መሰረት ፍልፍል ሂወት ‘ዮም። ኣብ ማሕበራዊ ኢኮኖመያዊ ዘለዎም ረብሓ ‘ውን ልዑል ግደ ‘ዩ ዘለዎም። ብፍላይ ኣብ ስነ ከባቢ ምስቲ ሐዚ ብሰንኪ ለውጢ ኣየር ንብረት ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ዓለም ዝፈጥሮ ዘሎ ፀገም ኣብ ምሕካም ደኒ ዓቢይ ግደ ከመዘለዎ ይፍለጥ ‘ዩ። ተኽሊ እንተዘይሃለዩ ሂወት ከመዘየሎ ብሰነ ሓሳብ ኩሉ ዝፈልጦ ‘ዩ። ኩሎም መራሕቲ ሃገር ይኹኑ ውልቀ ሰባት ሓደ ካብ ካሊእ ዘይሰማዕማዐሉ ሓሳብ ተግባር ክህልው ይኽእል ‘ዩ። ኣብ ኣድላይነት ደኒ ግና ዳርጋ ተመሳሳሊ ‘ዩ ምባል ይከኣል። ነዚ ‘ውን ‘ዩ ዝሓለፉ መራሕቲ ይዕበ ይንኣስ ፈልሲ ይተኽሉ ነይሮም ሎሚ ‘ውን ካብ እዋን ናብ እዋን ብዝሓሸ ስፍሓት እናቐፀለ ይኸይደ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ብበዝሒ እናተተኽሉ ‘ዮም ሎሚ ‘ውን ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝቀፀለ ተኸላ ብፍላይ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ኣብ ዝተገበረ ተኸላ ፈልሲ ሽዱሽተ ሚኢቲ ሚልየን ተተሓሒዙ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ ዶ/ር ዝገበርዎ መደረ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና ሰናይ ንባብ:-

ክቡር ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ተምስገን ጥሩነህ ክቡር ፕረዚደንትና ኣልሻድሊ ሓሰን ክቡር ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ክቡራት ሚኒስተራት ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዝተፈተኹም ክቡራት ነበርቲ ከተማ ኣሶሳ ናብዚ ዓቢ ዝድነቅ መዓለቲ ብሓባር ሰረት ንክነቅምጥ ስለዘብቅዐና ፈጣሪና እናመስገንኩ እንኳዕ ደስ በለኩም ደስበለና ክብል ይፈትው ብምባል ዘረባኦም ዝጀመሩ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)፤ ንመጀመርታ እዋን ናብ ኣሶሳ ናይ ሎሚ ሳላሳን ሓደን ዓመት ኣብ 1985 ዓ.ም መፂኦም ከምዝነበሩ ከምዚ ክብሉ ይዝከሩ:- ኣብቲ እዋን ኣብ ዝኸዱሉ እዋን ካብ ባባሲ ናብ ኣሶሳ ካብ ባባሲ ናብ ቤጊ ንምኻድ ብጣዕሚ ኣፀጋሚ ‘ዩ ነይሩ። ብእግሪ ይኽየደሉ ኣብ ዝነበረ ዘመን ብዙሕ ጭቃ ዝነበረሉ ዘመን እቲ ሐዚ ዘሎ ተፈጥሮ ንምድናቅ ዘኽእል ፍልጥት ኣብዘይነበርኩሉ ዕድመ ስለዝነበርኩ ሐዚ ዝዝክሮ እቲ ማንጎ ‘ዩ። ክጠምየና ከሎ በቢቦትኡ ከልካሊ ዘይብሉ ዝወደቀ ማንጎ ኣልዒልካ ጥራሕ ዝብልዓሉ ‘ዩ ነይሩ። ካበኡ ከዓ እቲ ቃጫ ዘለዎ ማንጎ ኣብ ኣፍካ ዝተርፍ ዝነበረ ኣይርስዓንን ይብሉ።

ኣሶሳ ብብዙሕ መልክዕ ብተፈጥሮ ሃፍቲ ዝተዓደለት ከባቢ ‘ያ። እኹልን ካብ እኹል ንላዕልን መዓድናት ኣለዋ። ንሕርሻ ዝኸውን ልሙዕ መሬት ኣለዋ። ብኣውሮፕላን እንትንጉዓዝ፤ ንምእማን ብዝኸብድ ደረጃ ብሓምላዋይ ተፈጥሮ ዝተዓደለት ኸባቢ ኾይና ኢና ንረኽባ። እዚ ኸባቢ ንወለዶ ብዝረብሕ ኾይኑ ንክቅፅል፤ እቲ ልምዓት ሎሚ እናነበርናሉ፤ ንፅባሕ ‘ውን መሰረት ንምቅማጥ እንኽእለሉን ካብ ምትኻል ብላዕሊ ድማ ናብ ትውልዲ ዘሰጋገር ሃፍቲ ስለዘየለ ሎሚ ኣነን ንስኹምን ብብርኪ ኣፍሪካን ዓለምን ተራእዩ ብዘይፍለጥ 600 ሚልየን ቁፅሪ ፈልሲ፤ ብሚልዮናት ብዝቁፀሩ ኢትዮጵያውያን ብሓባር ወፂኦም ኣብ ዝተኽልሉ መዓልቲ፤ ኣብዚ ታሪኻዊ መዓልቲ ምሳኹም ኣብ ኣሶሳ ዓሻራይ ንከቅምጥ ብምዕዳለይ ኣነን በዓልቲ ገዛይን ልዑል ክብርን ምስጋናን ዘለና ሙኳኑ ክገለፀልኩም ይደሊ ክብሉ ገሊፆም ‘ዮም።

ብምቅፃል ‘ውን ከምዚ ይብሉ:- ሃገርም ዝፈትዉ ንወለዶ ፍቅሪ ዘለዎም፤ ፅባሕ ኣርሒቖም ዝጥምቱ ዜጋታት፣ ማሕበረሰብን ኣመራርሓን ዘለዋ ሃገር፤ ናይ ሎሚ ፀገም ዘይኮነስ ናይ ፅባሕ በረከት እናረኣየ፤ ናይ ሎሚ ፈተና ዘይኮነስ ናይ ፅባሕ ፍረ እናረኣየ፤ ንፅባሕ ዝሰርሕ መንግስትን ህዝብን ፅባሕ ንምስራሕ ዝተሓባበር ዝኾነ ይኹን ዜጋ መፃኢ እዋን ዝፀበቀ ከምዝኸውን ዝኾነ ዓይነት ጥርጥር የለን።

ሕማቅ ዝኸውን መንግስታት ድሕሪ ዓወት ትማሊ ጥራሕ እናዘመሩ፣ እናወደሱን ዝሓለፍዎ መንገዲ እናዘከሩ ኣብኡ ዝነብሩ እንተኾይኖም ንወለዶ ፍረ ኣየቅምጡን። በቢ እዋኑ ትማሊ በዚ ጎቦ እንትንሓልፍ በዚ መንገዲ እንትንሓልፍ ዝበሉ ዝርርባት ንትምህርቲ እንተዘይኮይኑ ፅባሕ ብእኹል ንምህናፅ ስለዘየኽእሉ ትማሊ ከይረሳዕና ሓለሓሊፉ ምልስ እናበልና ካብ ታሪኽ እናተመሃርና ሎሚ ብትኹረት እናሰራሕና ፅባሕ እናፀበቅና ንወለዶ ዝሐሸ ሃገር ምሕዳግ ካብ ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ዝስምዖ ዜጋን መንግስትን ትፅቢት ዝግበር ዓብዩ ተግባር ‘ዩ።

እዚ ተግባር መንግስትና ካብ ዝገለፀሉ ሓደ መንገዲ ሓመላዋይ ኣሰር ‘ዩ። ከምዝትፈልጥዎ ካብ 20 ዘይንእሱ ዓበይቲ እኒሼቲቫት ኣብ ዘሓለፉ ሽዱሽተ ዓመታት ተኸናዊኖም ‘ዮም። ምሕዳስ ገዛ ድኻታት እንተይልና ሎሚ ብሚእቲ ሽሕ ዝቑፀር ድኻ ገዛ ተሰሪሕሉን ተሓዲሱሉ ወናኒ በዓለ ገዛ ኮይኑ ‘ዩ። እዚ ‘ውን ዝቅፅል ተግባር ‘ዩ። ምምጋብ ተምሃሮ እንተይልና ‘ውን ብሚልየን ዝቑፀር ተምሃራይ ኣብ መዓልቲ ክልተ ምግቢ እናረኸበ ናብ ትምህርቲ ንክኸይድን ካብ ትምህርቲ ንከይተርፍ ዝግበር እንሼቲቭ ተጠናኺሩ እናተሰርሐ ይርከብ። ድሕንነት ምግቢ ንምረግጋፅ ብስንዳይ፣ ብሩዝን ፍራምረን ዝጀመርናዮም ኣደነቕቲ ስራሕቲ በቢዓመቱ ዝጭበጥ ዕብየትን ምምሕያሽን እናርኣየ ሐዚ ‘ውን እናቀፀለ ይርከብ። ኣብ ከተማ ልምዓት ድማ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልምዓት ኮሪደር ዝጀመርናዮ ስራሕ ኣብ ናይ መጀመርያ ዙር ልዑል ፍረ ዘፍረየ እንትኾን፤ ካልኣይ ዙር ድማ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ኣብ ካልኦት ከተማታትን ንምጅማር ኣብ ሓደ ሓዲኦም ‘ውን ጀሚርና ኢና። ኣብዚ ሰፊሕ ምንቅስቃስን ፈተናታትን ኣሎ።

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ህንፀት ቤት ትምህርታት ብፍላይ ኣብ ህንፀት መውዐሊ ህፃናት፤ ሎሚ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓምታት ልዕሊ 35 መውዐሊ ህፃናት ሃኒፃ ደቅና ኣብ ህፃንነት ዕድምኦም ትምህርቲ ናይ ምቅሳም ዕድል ንክረኽቡን ቐንዲ ቐንዲ ዝጀመርናዮም እንሼትቭ ፍረታት ኮይኖም ውፅኢት እናምፅኡ ‘ዮም ዝርከቡ። እኹል ሃፍቲ ከይረኸብና ህዝብና ተኣማሚንና ዝጀመርናዮ ስራሕ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ዓመት ውሽጢ ልዕሊ ትልምና ኣሳኺዒና ኢና። ክሳብ ሎሚ ‘ውን 39 ነጥቢ 5 ቢልየን ፈልሲ ዘተኸልና እንትንኾን፤ ሎሚ ምስ እንገብሮ ተኸላ ድማ ካብ ልዕሊ 40 ቢልየን ፈልስታት ዘይንእስ ብብርኪ ሃገር እንተኸለሉ ዓመት ክኸውን ‘ዩ። ኣርብዓ ቢልየን ማለት ሕድ ሕዱ ፈልሲ ዘርኢ ካብ ምድላው ካብ ምፍላስ፣ ምንክብካብ፣ ጉልበት ሰብ ሓዊስና ሓደ ሓደ ዶላር እኳ እንተስሊሕናዮ ኣርብዓ ሚልየን ንደቅና ኢንቨስት ገይረና ማለት ‘ዩ።

ኣርብዓ ቢልየን ዶላር ንደመወዝ ተኸፊሉ እንትብላዕ፤ ክዳን፣ ጫማን ኣፅዋርን እንትግዛእን ኣርብዓ ቢልየን ንፅባሕ ኢንቨስት እንትግበር ማዕረ ኣይኾንን። እቲ ኣርብዓ ቢልየን ፅባሕ 120፣240ን ተባዚሑ በርኪቱ ፅባሕ ደቅና ብዝበለፀ ዓቅምን ውፅኢትን ዝጥቀሙሉ ስለዝኸውን ከም ሃገር ሎሚ ጥራሕ ዘይኮነስ ፅባሕ ‘ውን እናሓሰብና እንገብሮ ኢንቨስትመንት ስለዝኾነ፤ ሃገርና ብብዙሕ መልክዑ ለማኒት ከይኮነት ዝማዕበለት ክትኾንን ንባዕላ ኮይና ንኻልኦት እትሕግዝ፤ ለዓላውንታ ብኹሉ ዓውዲ ክተረጋግፅ ስለዝገበራ፤ ሎሚ ዝተኸላ ኣእዳው ዝተባረኻን ንደቅኹም መሰረት ዝተንፅፉ ስለዝኾንኩም እንኳዕ ደስ በለኩም ክብለኩም ይፈትው።

ሽዱሽተ ሚልየን ዘይተኽሉ ሃገራት ዓለም ኣለው ‘ዮም። ኢትዮጵያ ብሓንቲ ፀሓይ ሽዱሽተ ሚእቲ ሚልየን ክተክል ‘የ ክትብል ከላ፤ ኣብ ህዝባ ዘለዋ ምትእምማን ኣብ ምድማር ዘሎ ሓይሊ፣ ኣብ ትልምን ምድላውን ናይ ምትግባር ዓቅሚ፣ ዝሓለፉ ዓመታት ብተግባር ፈቲሽና ስለዝረኣናዮ፤ ሽዱሽተ ሚኢቲ ሚልየን ክንተክል ኢና ክንብል ከለና ኣንስቲ፣ ዓበይቲ፣ መንእሰይ፣ ተምሃራይ፣ መምህር፣ ቀሸን ኣብ ኩሉ ዓውዲ ሰራሕ ዘሎ ኩሉ ሎሚ ሓመድ ከይነኸኡ ዘይውዕሉሉን ኢትዮጵያ ኣብ መድረኽ ዓለም ዘይክኣል እትኽእል፤ ድኽነት እትጋፈጥን እተሸንፍን፣ ዝሓሰበቶ እተሳኽዕ፣ ጀሚራ ናይ ምውዳእ ልማዳ ዘኾነ፣ ተዛሪባ እተተግብር ሃገር ምኳና፤ ንዓለም እነርእየሉ ስለዝኾነ ሎሚ ፀሓይ ቅድሚ ምውፅኣ ምትኻል ዝጀመርኹም በቢዝኸድናዮ እናተኸልና ክሳብ ምሸት ሽዱሽተ ሚእቲ ሚልየን ፈልሲ ምትኻሉ ክሳብ እነረጋግፅ ዝናብ፣ ፀሓይን ጥምየትን ናብ ገዛ ኣይመልሰናን። ሙሉእ መዓልቲ ክንተክል ኢና ክብሉ ተዛሪቦም።

ቀፂሎም ‘ውን ከምዚ ይብሉ:- ዝተዛረብናዮ ብተግባር ንፍፅም ኢና። ንደቅና መሰረት ክነቅምጥ ኢና። በዚ ድማ ደቅና ከይሓፈሩ ቅንዕ ኢሎም ኣብ ትሕቲ ኣቦታትና ዝተኸልዎም ኣእዋም ፅላል ዘፅልል፤ ናይ ኣቦታተይ ማንጎ ኮፍ ኢለ ዝበልዕ ኢሎም ዘመስግኑ ወለዶ ብድሕሪት ንክፍጠሩ ዘኽእል፤ ናይ ሎሚ ወለዶ ሎሚ ኣብ ዓራት ዘይደቀሰ ናብ ደገ ወፂኡ ክተክል ዝኽእል እነተተኺሉ ፅቡቃት ኣቦታት ዝብል ክብሪ ዝረኽበሉን ንደቁን ንሃገሩን ዘለዎ ፍቀሪ ዘርእየሉ ስለዝኾነ፤ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ኣነን ነባሪ ከተማ ኣሶሳን ኣብ በቢዘለኹሞ ኣብ ዝምቾወኩም ከባቢ ሎሚ ወፂእኹም ፈልሲ ብምትካል ኢትዮጵያ ናይ ምልባስ፣ ድልየት ኢትዮጵያ ናይ ምስኻዕ፣ ኣብ ኣፍሪካ ብብዙሕ ፅቡቅ ነገር ሱማ ንክፅዋዕ ኣብነት ዝትኸኖነሉ መንገዲ ንክትጅምሩ ብልዑል ትሕትናን ፍቅርን ፃውዒተይ ከቅርበልኩም ይደሊ ክብሉ ፃውዒት ኣቕሪቦም ‘ዮም።

ኣብዚ ዓመት እንተኸሎ ፈልሲ ልዕሊ 7 ቢልየን ምኳን ይፍለጥ ‘ዩ። ካብዚ ውሽጢ ናብ ልዕሊ 50 ሚእታዊ ዝኸውን ንፅባቀ ዝትከል ዘይኮነስ፤ ንምግብነት ዝውዕል፣ ሓመድ ከይሽርሽር ዝዕቅብ፣ ሃገር በቆል ዝኾኑ ንመድሓኒት ዝውዕሉ፣ ንብዙሕ ነገራት ረብሓ ዘለዎም ፈልስታት ዝተተኽሉ እንትኾኑ፤ ልዕሊ ኣርብዓ ሚእታዊ ዝተተኽሉ ፈልስታት ድማ ንሓለዋ ከባቢን ንፅባቀን ንፅላልን እኹል ዝናብ ንክንረብ ዝሕግዝ ‘ዩ ይብሉ።

ሎሚ ዘመን ሽዱሽተ ሚእቲ ሚልየን ፈልሲ ክነትክል ከለና ኣሶሳ ዝመረፅናሉ ዋና ምኽንያት ናይ ኣፍሪካ ኩርዓት ዝኾነ ህዳሴ ግድብ ዝርከበሉ ክልል ብምኳኑን ዝሓለፉ ዓምታት ብምትካልና ሎሚ ግድብና ትፅቢት ካብ እንገብረሉ ብላዕሊ ልዕሊ መጠኑን ቅድሚ እዋኑ ማይ ብምሓዙ ናብ ታሕተዎት ሃገራት ማይ እናለቀቐና ዘለናሉ ኩነታት ኣብ ተፋሰስ ኣባይ እኹል ዛፍ እንተዘይ ተተኺሉ ብዘሎ ዝናብ ሓመድ እናተሸርሸረ እቲ ግድብ ብደለል ዝምላእ እንተኾይኑ ሓሙሽተ ቢልየን ዶላርን እቲ ኹሉ ስቃይናን ኪሳራ ‘ዩ ዝኸውን ማለት ‘ዩ።

እቲ ግድብ ንምድሓን፣ እኹል ዝናብ ንምርካብ፣ እኹል ምግቢ፣ እኹል መድሓኒት ‘ውን ንምርካብ ኣብ ከባቢ ተፋሰስ ኣባይ ሐዚ ‘ውን ብቀፃልነት ኣብዚሕና ምትካልን ምሕላውን ከድልየና ‘ዩ። እዚ ክንገብር ከለና ነሃትና ማይ ዝመልአ ይኸውን፣ ሓመድ ኣይሸርሸርን ታሕተዋይ ሃገራት ተፋሰስ እኹል ማይ ንክረኽቡ የኽእል። ኣንሕና ኢትዮጵያውያን ማይ ተጠቂምና ንኻልኦት ምሃብን ምክፋልን ካብ ፈጣሪ ዝተወሃበና ሓላፍነት ስለዝኾነ ሓላፍነትና ብብቕዓት ንምውፃእ እናተኸልና ማይ ብብዝሓት ብምሕላው ንኣሕዋትና እኹል ማይ ናይ ምሃብ ሓላፍነትና ብልዕልና ሞራል እንዋፃእ ምኳና ንዓለም እነርእየሉ ተግባር ስለዘኾነ፤ ሎሚ ብምንቅስቓስ ሙሉእ መዓልቲ ክንተከል ኢና ንስኹም ‘ውን ምሳና ትኸሉ ኣዲስ ኣበባ ክትከል ‘ዩ። ብሰሜን፣ ብምብራቕ፣ ብደቡብ፣ ብምዕራብ ኢትዮጵያ ክትከል ‘ዩ።

ህዝቢ ኣሶሳ እንኳዕ ደስ በለኩም። እናተኸልና እናሓረስና ኮንትሮባንድን ሌብነትን እናጥፉእና ቀትርን ለይትን እናለፉዕና እናሰራሕና ካብ ሃገርና ድኽነት ክነጥፍእ ኢና። ካብ ሃገርና ልመና ክነጥፍእ ኢና። ዝበልፀገትን ልምዕትን ዝኾነት ኩሉ ዝምነያ ኢትዮጵያ ንደቅና ክነሳግር ኢና። ስለዝኾነን ሰለዝኸውንን ኩሉ ፈጣሪና ኣብዚሕና ነመስግን። ፅቡቅ መዓልቲ ተኸላን ምዝራእን፣ ፅቡቅ ናይ ዓወት መዓልትን ክኸውን ይምነይ የቕንየለይ ብምባል ድማ መልእኽቶም ይዛዝሙ።



ካብ 20 ዘይንእሱ ዓበይቲ እኒሼቲቫት ኣብ ዘሓለፉ ሽዱሽተ ዓመታት ተኸናዊኖም ‘ዮም

## ዕዱም ጋሻ

# በዓል ኣሸንዳን መስቀልን ብመልክዕ ቱሪዝም ንሃገርና ምስ ዓለም ነላልየሉ ዓብይን መፍለይናን ባህልና 'ዩ

- መምህር መሰረት ኣለማየሁ፣
ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣክሱም መምህር ቋንቋን ስነፅሑፍን

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣብ ትግራይ ካብ ዝርከቡ ሃገር በቆል ዘይድህሰሱ ባህላውን ሃይማኖታውን ትሕዝቶ ካብ ዘለዎም ሓድግታትና ሓደ ኣሸንዳ/ዓይነ-ዋሪ/ ማርያ 'ዩ:: ኣሸንዳ ኣብ መላእ ከባብታት ትግራይ በብዓመቱ ካብ ፍርቂ ነሓሰ ክሳብ መወዳእታ እቲ ወርሒ፤ ኣብ ገለ ገሊኡ ድማ ክሳብ መስቀል ዝኽበር ባህላዊ በዓል ደቂ ኣንስትዮ 'ዩ:: ዋላ እኳ መሰረታዊ ትሕዝቶን ኣከባብራ በዓል ኣሸንዳ ተመሳሳሊ ይኹን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝተፈላለየ ሹማት ኣለዎ:: ኣብ ብርክት ዝበሉ ከባብታት ኣሸንዳ ክበሃል እንከሎ፤ ኣብ ብዙሓት ከባብታት 'ውን ማርያ፣ ኣብ ከባቢ ኣክሱም ድማ ዓይኒ-ዋሪ፣ ኣብ ከባብታት ላዕላይ ፀለምቲ ድማ ሒንግደይ-ፅሞሪያ እናተብሃለ ይፍለጥ:: ቆልዑ ኣሸንዳ ብባህላዊ ዓለባ፣ ቁኖን መመላኽዕን ደሚቐን ወደሳን ፀወታን ዘካይዳሉ ቕነ 'ዩ::

ኣሸንዳ ስዒቡ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ዝኽበር ዓብይ በዓል ድማ ሓዱሽ ዓመት 'ዩ፤ ሓድሽ ዓመት ከም ሽሙ ነባር ሓደ ዓመት ተወዲኡ ሓድሽ ዓመት ምምፅኡ ዘበስር ወርሒ 'ዩ:: ካብ ደመናን ቀትርን ለይትን ዝዘንብ ዝነበረ ዝናብ ጠጠው ኢሉ ዝኣረገ ዓመት ንድሕሪት ገዲፍና ሓድሽ ዓመት ንምቕባል ሃንሰይ መስቀለይ መፂኻ ዶ እናተብሃለ ዝድረፈሉ ከምኡ 'ውን መንደራት ቆልዑ ተኣኪቦም ሆያሆየ ዝብልሉ ወርሒ መስከረም መጀመርያ 'ዩ:: ሓድሽ ዓመት ሓሊፉ ትፅቢት ዝግበር በዓል መስቀል ሃይማኖታዊን ባህላዊን ትሕዝቶ ዘለዎ ተፈታዊ በዓል ኮይኑ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝኽበር 'ዩ:: ብፍላይ ከዓ ኣብ ትግራይ ዓዲግራትን ኢሮብን ዝበሉ ከባቢ ፤ ዝሓዘ ሒዙ ዓዱ ኣትዩ ምስ ቤተሰቡ ዘሕልፎን 'ዩ፤ ንምኺኑ እዚኦም ተኸታቲሎም ዝኽበሩ በዓላት ትሕዝቶኦም ከመይ ይግለፅ? ኣብ ቱሪዝም ትግራይ ዘምፅእዎ ለውጢስ እንታይ ይመስል? ክንብል ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣክሱም መምህር ቋንቋን ስነፅሑፍን ምስ ዝኾና መሰረት ኣለማየሁ ዝገበርናዮ ቃለ መሕተት ከምዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና:: ሰናይ ንባብ!



**ወጋሕታ፡- እናተኻየደ ዘሎ ቅንያት ባዓል ኣሸንዳ ከመይ ይሪአዖ?**

**መምህር መሰረት፡-** ባህላዊ ልምድታትን ፀጋታትን ሓደ ሕብረተሰብ ካብቲ ዘበርክትዎ ቁሳዊን ስነ-ቓለዉን ሃፍቲ ብተወሳኺ ናይቲ ዝውንኖም ሕብረተሰብ መነባብሮ፤ ስነምግባርን መስተጋብርን ብሓፈሻ ድማ ፍልስፍና-ሂወት መመላኸቲቲ 'ዮም። ኣሸንዳ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኣብ እዋን ኽራማት ካብ 16-23 ነሓሰ ብባህላዊ ናውቲ ፅባቐ ዝተመላኸዓ ጎራዙን ህፃውንቲ ደቂ ኣንስትዮ ብነፃነት እናደረፋ፣ እናጎየላ፣ እናሳዕስዓ፣ እናሞጎሳን ሂስ እናሃባን ዘሕልፍኦ ባህላዊ በዓል 'ዩ።

ኣሸንዳ ብደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ድማ ደናግል ዝኽበር ናይ ኣደባባይ ባዓል እንትኸውን ካብ ነሓሰ 16 ጀሚሩ ኣብ ከተማ ንስለስተ ማዓልትታት ኣብ ኸባቢ ገጠራት ድማ ንሸውዓተ ማዓልትታት ኣሸንዳ ይኸበር። ብነፃነት ደቂ ኣንስትዮ ዝፃወታሉ፤ ማሕበረሰባዊ ሂስ ዝህባሉ፣ ክውገዝ ዘለዎ ዘውግዛሉ ዕድል ዝተውሃበን ማዓልቲ እንትትኾን ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ዓመት ተፀብያ ወቂባ ፀቢ.ቓ እትውዕለሉ ግዜ 'ዩ ። እዚ ድማ እናኽበርናዮ ዘለና ቅነ ኣሸንዳ እናተስተውዓለ 'ዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ባህሊ እቲ ማሕበረሰብ ዝተደረኸ ኣከዳድናን ኣሰራርሓ ፀጉርን ነቲ ባዓል ድምቀት ኾይኑ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ኣሸንዳ ኣብ ሐዚ እዋን ትኽክልኛ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ እናንፀባረቐ "ዩ ክንብል ንኽእል ዶ?**

**መምህር መሰረት፡-** ብፍላይ ኸዚ ኸዚ ስሩዕ ዝኾነ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ ኣብ ምንፅብራቕ ናይ ባዕሉ ግደ እናተፃወተ 'ዩ ክንብል ንኽእል ኢና። በዓል ኣሸንዳ ሃይማኖታዊ 'ዩ ባህላዊ 'ዩ ዝብሉ ዝተፈላለየ ምሁራን እኳ እንተሃለወ ዘይሩ ዘይሩ ግና ባህላውነቱ ጎሊሁ ዝረኣየሉ ኣጋጣሚ እናረእና ኢና። እዚ ባህላዊ ባዓል እዚ ዘይተበረዘ ባህሊ ሒዙ ዝመፀ ባህላዊ ፀወታ 'ዩ። ብዙሕ ግዜ ብዘመናዊነት፣ ብኣነባብራ ለውጢ ተበሪዞም ባህላውነቶም ሓልዮም ዘይኽበረሎም ባዓላት እንተጋጥሙ ንርኢ ኢና። በዓል ኣሸንዳ ግን ደቂ ኣንስትዮ ካብ ኣሰራርሓ ፀጉሪ ጀሚሩ ካብ ዝኽደነኦ ኽዳን ናይቲ ኸባቢ ኢደ ጥበብ ውፅኢት ስለዝኾነ ባህላዊ ካብ ዘብሎም እቲ ሓደ እዚ 'ዩ። ትኽክለኛ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ ክረአ ካብ ዝግበሩ ባህላዊ ባዓል 'ዩ። ኣብቲ ግዜ ዝድረፉ ግጥምታትን ዜማታትን ዝገልፀሉ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ትርጉም ዝሓዘ 'ዩ። ካብዚኦም እቲ ሓደ ማሕበረሰባዊ ሂስ ምሃብ ፣ዝድነቕ ንምድናቕ ፣ዝኽበር ምኽባር፣ ክስተኻኸል ዘለዎ ነገር ድማ ንክስተኻኸል ናይ ምግላፅ ዕድልን ነፃነትን ንደቂ ኣሸንዳ ተዋሂብወን 'ዩ። እዚ ድማ ዘቕርባሉ መገዲ ዝተፈላለየ ክዋነታት እናደረፋ እናዘለላ ዘቕርብኦ ስለዝኾነን ሳሓቢነቱ ልዕሉ 'ዩ። ኣብ ምፍላጥ ባህሊ እቲ ማሕበረሰብ ጎሊሁ እናተርአየ 'ዩ።

**በዓል ኣሸንዳ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ኣሰራርሓ ፀጉሪ ጀሚሩ ካብ ዝኽደነኦ ኽዳን ናይቲ ኸባቢ ኢደ ጥበብ ውፅኢት ስለዝኾነ ባህላዊ ካብ ዘብሎም ሓደ 'ዩ**

ምናልባት ክእረም ኣለዎ ኢለ ሓሳብ ከቕርብ ዝደሊ ኣብ ቀረባ እናረእናዮ ዘለና ኣብ ሓደ ቦታ ተሰብሲብካ ብባንዲ ምኽባር ፣መስተ ምስታይ ፣ባዕልኻ ዘይምሕላው ከምዘለዉ ይዝረቡ። እዚ ነገር ክውገዝ ዘለዎን እዚ ባህሊ በዚ መልክዑ ዝመፀ ኣይኮነን። ጭራሽ 'ውን ካብ ባህሊ ወፃኢ 'ዩ። ማሕበረሰብ ዘለዉዎ ፅቡቑዓት ዝኾኑ እሴታት ዘውርዱ ስለዝኾኑ ትኹረት ተገይርሎም እቲ ትኽክለኛ ባህሊ ተሓልዩ ክግለፅ ኣለዎ ።

ኣሸንዳ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ዝተፈለለዩ ከባብታት ዓለም ዝርከቡ ማሕበረሰብ ትግራይ ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ድማ ከከም ከባቢኦምን ኣብ ዝጥዕሞም እንተኽብርዎ ይረአ 'ዩ ። ኣብ ዝተፈላለዩ ዓለም ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ እቲ ባህሊ ኣሸንዳ እንተብዕላን ተፈላጥነቱ ድማ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ይርከብ። እዚ ስዒቡ ድማ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ቤት ምኽሪ ከተማ ዴንቨር ኣሸንዳ ዓመታዊ ክብረ ባዓል ኮሎራዶ ኾይኑ ክባዓል ኣፍልጦ ተዋሂብዎ ይርከብ። እዚ ድማ በዓል ኣሸንዳ ንቀፃሊ ኣብ ዩኔስኮ ንምምዝጋብ ዝግበር ፃዕሪ ዘበረታትዕ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ባዓል ኣሸንዳ ነፃነት ጓል ኣንስተይቲ ይባሃል እዚ እንታይ ንምግላፅ ተደልዩ "ዩ ?**

**መምህር መሰረት፡-** ደቂ ኣሸንዳ በዚሐን ፀቢቓንን ወቂበንን ናይ እንኳዕ ኣብፀሐኩም ባህላዊ ዜመኣን ዘቕርባሉ ካብ ዝተፈላለየ መሕበረሰብ ተውፃእዊኣን ሓቢረን ደስተኣን ዝገልፃሉ ኣሸንዳ ናበላ ዝኣከበኦ ገንዘብ ሒዘን ድማ ናብ መፅበዓ ማለት 'ውን ቤተ-ክርስትያን ሒዘን ብምኻድ ምስጋነኣን ዘብፅሓሉን ውዳሴኣን ዝውድሳሉን ዝተኸበረ ሃይማኖታዊ ባህላውን 'ዩ። እዚ ስዒቡ ምስ በዓል ኣሸንዳ ተደሓሒዙ ዝላዓል እቲ ዋና ነገር ነፃነት 'ዩ፤ ጓል ኣንስተይቲ ብፍላይ ድማ ኣብ ኸባቢ ሰሜን ባህሊ ናይ ምጥባቕ ኣተዓባብያ ስለዘለና ነፃነትና ዝተገደበ ከምዝኾነ ይፍለጥ። ጓል ኣንስተይቲ ናብ ደገ ኣይትወፅእን፣ብዙሕ ቦታ ኣይትረአይን ኣብ ጓዳ ምስ ኣዲኣ ስራሕ ብምሕጋዝ 'ያ እተሕልፎ። ኣብ ባዓል ኣሸንዳ ግን ካብ ስራሕ ነፃ 'ያ፤ ስራሕ ስርሒ እትብላ ኣዶ የላን። ንጓላ ኮሓሒላ ኣፀባቢ.ቓ ንክትፃወት እትፈቕደላ ግዜ ስለዝኾነ በዚ መልክዑ እዩ ነፃነት ተባሂሉ ዝግለፅ።

ግና ነፃነት ጓል ኣንስተይቲ ክሳብ ምንታይ እዩ ? ዝብል ምርኣይ የድሊ። ነፃነት እንትባሃል ገደቡ ዝሓለወ 'ዩ። ብነፃነት እትፃወተሉ ፣ሓሳባ ከም ደስ ዝበላ እትገልፀሉ፣ ናብ ጓዳ ኣቲኺ ስርሒ ዘይትባሃለሉ እንበር ኣብ ደገ ምሕዳር ፣ መስተ ምስታይ ዝኣመሰሉ ኣካይዳ እዚ ንጓል ኣሸንዳ ነፃነት ኣይገልፅን። ነዚ 'ውን እዩ ነፃነት ጓል ኣሸንዳ ገደብ ዘለዎ 'ዩ ዝባሃል።

**ወጋሕታ፡- ድሕሪ ሰሙናት ሓድሽ ዓመትን መስቀልን ክኽበሩ "ዮም፤ ብፍላይ በዓል መስቀል ብዙሓት ዑደኛታት ዝዕደምሉ ባዓል ብምኻኑ ከም መስሕብ ቱሪዝም ከመይ ክንገልፃ ንኽእል ?**

**መምህር መሰረት፡-** ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ኣዋርሕ መጀመርያ ወርሒ መስከረም 'ዩ። ከምዝፍለጥ ናይ ኣዋርሕ መጀመርያ ጥራሕ ኣይኮነን። እዚ ወርሒ ድማ ነባር ሓደ ዓመት ተወዲኡ ሓድሽ ዓመት ምምፅኡ ዘበስር ወርሒ 'ዩ። እዚ ሓድሽ ወርሕን ዓመትን ሓድሽ ዓመት ፣ እንቁጣጣሽ ፣ ቅዱስ ዮሃንስ እናተብሃለ ይፅዋዕ። ሓዱሽ ዓመት ማሕበረሰብ ዘቀራርብ ፣ ጎረቤት ንጎረቤት፣ ቤተሰብ ንቤተሰብ ኣተኣኻኺቡ ሰላምን ፍቕርን ተስፋን ሒዙ ዝመፅእ ከምኡ ድማ ሰባት ኣዝማድ ሰናይ ትምኒት ከም መግለፂ ካብ እንጥቀመሎም ባዓላት እቲ ሓደ 'ዩ።

ኣብነት ፀልማት ከምኡ 'ውን መሻገሪ ሓድሽ ተስፋ ተገይሩ ዝውሰድ እዋን ክረምቲ ሓሊፉ ቀትርን ለይትን ዝዘንብ ዝነበረ ዝናብ ጠጠው ኢሉ ብርሃን ዝኾነሉ ዝኣረገ ዓመት ንድሕሪት ገዲፍና ሓድሽ ዓመት ብሃንቀውታ ንምቕባል ሃንሰይ መስቀለይ መፂኻ ዶ እናተብሃለ ዝድረፈሉ ከምኡ 'ውን መንደራት ቆልዑ ተኣኪቦም ሆያሆየ ዝብልሉ ወርሒ መስከረም ሰባት 'ውን ሓድሽ ትልሚ ኣውፂኦም ንቅድሚት ዝስጉምሉ እዋን 'ዩ። ብምኽኑ ድማ ብተስፋ ተመሊእኻ እትኽብሮ ባዓል ስለዝኾነ ፍሉይ ዝገብሮ 'ዩ።

በዓል መስቀል ኣብ ትግራይ ብድምቀት ዝኽበር ባዓል ከምዝኾነ ይፍለጥ። ብፍላይ ድማ ኣብ ዓድግራትን ህዝቢ ብሄረሰብ ኢሮብን በዓል መስቀል ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብዝደመቐ ኣገባብ ዘኽብሮ ባህላውን ሃይማኖታውን በዓል 'ዩ። ሰባት መስቀል ንምኽባር ከካብ ዘለውዎ ናብ ከባቢኦምን ናብ ቤተሰቦምን ዝተኣኻኸብሉ በዓል 'ውን 'ዩ። ኣብ ከተማ መቐለ 'ውን መስቀል ብፍሉይ 'ጎቦ ጮምዓ' ን 'እንዳ ፀባን' ኣብ ዝበሃሉ ቦታታት ብድሙቕ 'ዩ ዝኽበር። ካብ ፅባሕ ሓዱሽ ዓመት ጀሚሩ ብናፍቆት ትፅቢት ዝግበሮ በዓል መስቀል ሃይማኖታዊን ባህላዉን ትሕዝቶ ዘለዎ ተፈታዊ በዓል ኮይኑ ኣብ መላእ ትግራይ ህዝቢ ብጉሓቱ ብምውፃእ ዘኽብሮ በዓል 'ዩ። ኣብ ትግራይ ከባቢ ዓጋመ ኢሮብ ከምኡ 'ውን ኣብ ጉራጌን ፍሉይ ቆላሕታ ዘለዎን ቤተሰብ ንቤተሰብ ዝጠያየቁሉን ብፍሉይ ምትእስሳር ዘለዎን በዓል ብምኳኑ ኣብ ካሊእ ከባቢ ካብ ዝኽበር ቁሩብ ፍልይ የብሎ። እዚ ባዓል ናይ ደገ ባዓል ስለዝኾነ ፍሉይ ክዋነ ስለዘለዎን በፃሕቲ ዓዲ ዝሳሓብሉ 'ዩ። ባዓል መስቀል እንትኽበር ካብ ወፃኢ ዓዲ ብዙሕ ተዓዳሚ ዝመፅሉ በዓል ስለዝኾነ ፍልፍል ቱሪዝም ብምኳን ዓብይ ግደ ዘለዎ 'ዩ። ስለዚ እዚ ብዝግባእ ትኹረት ገይርና ክንጥቀመሉ ይግባእ።

በዓል ኣሸንዳን መስቀል...ገጽ 6



# ዕዱም ጋሻ



## በዓል ኣሸንዳን መስቀልን...

**ወጋሕታ፡- ባዓላት ተኸታቲሎም ምኽባሮም ኣብ ቱሪዝም ትግራይ ዘምፅእዎ ረብሓ እንታይ ይመስል?**

**መምህር መሰረት፡-** ምስ ቱሪዝም ተደሓሒዙ ዘለዎ ረብሓ እዚኦም በዓላት ንቱሪዝም ዓብይ መስሕብ ዘለዎም ባዓል 'ዩ፤ ወፃእቲ ዓዲ መፂኦም ዑደት ንክገብሩ ዕድል ዝህብን ምቾው ዝባሃል ኣጋጣምን 'ዩ። ምስ እዚ ተደሓሒዙ ሆቴላት፣ ባህላዊ መጋየፅታት ፣ ባህላዊ ኣልባሳት ሃገር ቦቀል ዝኾኑ ናውቲ ተጠቒመን ዘብዕለኦን እዚ ድማ ነቲ ኣምረቲ ዝኾኑ ኣካላት ዓብይ ናይ ገንዘብ ኣታዊ 'ዩ። በዓል መስቀል ድማ ፍሉይ ዝኾነ ክንዋነ ስለዘለዎ ዑደተኛታት ናብቲ ዝኽበርሉ ቦታ እንትኸዱ ሆቴላትን ካልኦት ግልጋሎትን ተረባሕቲ ዝገብር 'ዩ። እቶም ዑደት ዝገብሩ ዝመፁ ኣጋይሽ ኣሸንዳ ወይም መስቀል ጥራሕ ሪኦም የኾኑይ ዝኸዱ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ ዝምልከትሉ ዕደል 'ውን ዘለዎ 'ዩ። ወፃእቲ ዓዲ እንትመፁ ካብ ዝምልከተዎምን ዝሰሓብሎምን እቲ ሓደ ሃገረሰባዊ ኢደ ጥበብ እቲ ዋና 'ዩ። ስለዚ ብጥንቃቐ ትኹረት ተገይርሉ 'ዩ ክረአ ዝግባእ ። እዚ በዓል ደቂ-ኣንስትዮ ኾነ በዓል መስቀል ታሪካዊ ባህላዊ ሃይማኖታዊ ትውፊቱ ዝሓለወ ትሕዝቶ ዘለዎ ንዘመናት ዘሻግርን እዩ። ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ በዓል ኣሸንዳን መስቀል ብመልክዕ ቱሪዝም ንሃገርና ምስ ዓለም ነላልየሉ ዓብይን መፍለይና ባህልና 'ዩ ።

ተኸታቲሎም ዝመፁ ባዓላት ኣብ እታዎት ቱሪዝም ክንጥቀመሎም ይግባእ። ከምዚኦም ዝበሉ በዓላት ብቀንዱ ባህላዊን ሃይማኖታት ትውፊታት ካብ ምፍላጥን ብተወሳኺ ፍልፍል ኣታዊ ኣብ ምምፃእ ናይ ባዕሎም ተራ ንክፃወቱ ብርክት ዝበሉ ንጥፈታት ክካየዱ ይግባእ። በዓላትና ንዝተፈጠረሎም መሰረታዊ ምስሊ ወይ ረብሓ ካብ ምኽባር ብተወሳኺ ጎና ጎኒ ድማ ናይቲ በዓል ወናኒ ዝኾነ ህዝቢ ካብቲ ባህላውን ሃይማኖታውን ረብሓ ዝዘለለ ብዙሓት ረብሓታት ዘዕውቱሉ መድረኻት ኣብ ምግባር ምስራሕ ይግባእ ። እዚ ድማ እቲ ዑደተኛ ሕጉስ ኾይኑ ንኻልኣይ ግዜ ከምዝምልስ ገይርካ ምትእንጋድ የድሊ። ኣብ ትግራይ እንድሕር ሰሪሕናሎም ብዙሓት መስሕባት ቱሪዝም ዝኾኑ ዝድህሰሱን ዘይድህሰሱን ቅርስታት ዘለዎ 'ያ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃንሒት የመስግን።**

**መምህር መሰረት፡-** ኣነ 'ውን የመስግን።

## ሕቶ በሪ ባሕሪ...

ዓንቀፅ 69 ካብ ንኡስ ዓንቀፅ ሓደ ክሳብ ሓሙሽተን ኣብ ዓንቀፅ 125 ንኡስ ዓንቀፅ 1 በሪ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ኣብ ከባቢኦን ካብ ዝርከብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ባሕሪ ማዕረ ናይ ምጥቃም መሰል ከምዘለወን ይገልፅ። በሪ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ኣብ ከባቢኦን ንዘሎ ባሕሪ ናይ ምጥቃምን ምስጋርን ዓለም ለኻዊ መሰል ከምዘለወን ብተመሳሳሊ እንተተደንገገ 'ውን በዚ መገዲ 'ውን እንተኾነ ሃገርና ተጠቃሚት በሪ ባሕሪ ክትኾን ኣይኸኣለትን።

ጉዳይ በሪ ባሕርን ወደብን 'ውን ንነዊሕ ዓመታት እንተተላዒሉ ነውሪ ዝመስለሉ ግዜ 'ውን ነይሩ። ሕዚ ግና ኢትዮጵያ ሕጊ ማይ ሕቡራት መንግስታት ብዝፈቕዶ መሰረት ንበሪ ባሕሪ ብሰላማዊ መገድን ብስምምዕነትን ናይ ምጥቃም ሕቶ እናልዐለት ትርከብ።

ንም኿ኑ ሃገርና እናልዐለቶ ትርከብ ሕቶ ምስ በሪ ባሕሪ ተተሓሒዙ ምስ ዘለና ታሪኽ ግቡእነቱ ከመይ ይረኣይ? ተጠቃምነት በሪ ባሕርኣ ንምርግጋፅ 'ኸ እንታይ ትፅቢት ይግበረላ?

ናይ ታሪኽ ሙሁር፣ ጋዜጠኛን ፀሓፍን መምህር ግርማይ ገብረፃድቕ፤ ታሪኹ ብዙሕ እኳ እንተኾነ ደጃዝማች ሰብኣጋድስ ወልዱ ቐይሕ ባሕሪ ብፀላኢ ከይድፈር ብፍላይ ንባፅዕን ዓሰብን ወትሃደር እናሰደዱ ይሕልውዎን ይከታተልዎን ከምዝነበሩ ይሕብሩ። ደጃዝማች ሰብኣጋድስ ወልዱ ናይ ትግራይ ወይ ናይ ሰሜን ገዛኢ ዝነበሩ 'ዮም። በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ብዙሕ ትርጉም ከምዘለዎ ዝገልፁ መምህር ግርማይ፣ ደጃዝማች ሰብኣጋድስ ባሕሪ ማለት ሳንባ 'ዩ ይብልዎ ነይሮም ክብሉ ይገልፁ። ኣፍደገ ባሕሪ ዝደለኻዮ ሰቐጣት ተደሊኻ ንደገ፣ ተደሊኻ ንውሽጢ ተውፀኣሉን ተኣትወሉን 'ዩ ክብሉ ይዛረቡ።

ኢትዮጵያ ን500 ዓመት ዝኣክል ወናኒት በሪ ባሕሪ ነይራ 'ያ። ካብዚ 'ዩ ዝጅምር እቲ ታሪኽ። እኒ ሃፀይ ዮሃንስ 'ውን ንቐይሕ ባሕሪ ብዙሕ መስዋእቲ ከፊሎምሉ 'ዮም። እዚ ክብል እንተለኹ ብሓፈሻ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዙሕ መስዋእቲ ከፊልሉ ዝነበረ በሪ ባሕሪ 'ዩ መራሕቲ ኢትዮጵያ ብዝፈፀምዎ ስሕተት ሕዚ ኢትዮጵያ ብዘይ በሪ ባሕሪ ቐርያ ዘላ ክብሉ ይገልፁ።

ኢትዮጵያ ኣብ ርእሲ ጣልያን ተደጋጋሚ ዓወት ኣመዝጊባ 'ያ። ጣልያን ድሓረ ዝመፀ ናይ ደጉዓሊ ሕነ ንምፍዳይ 'ዩ። ቐይሕ ባሕሪ ክሳብ ቀረባ ግዜ ናይ ኢትዮጵያ ባሕሪ 'ዩ ነይሩ። ናይ ኢትዮጵያ ወሰን ኮይኑ ኣገልጊሉ 'ዩ። ብፍላይ ዓሰብን ባፅዕን ንኢትዮጵያ ይግብኡ 'ዮም ተባሂሎም ብሕቡራት መንግስታት ዝተወሰነ ውሳነ 'ዩ ነይሩ ክብሉ የብርሁ።

ድሓረ ጣልያን 'ውን ሒዝዋ ነይሩ 'ዩ። ደርጊ ክሳብ ዝወድቕ ናይ ኢትዮጵያ ኣካል 'ዩ ነይሩ። ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ከትስእን ዝኸኣለት ኣብ ቐረባ ግዜ ብዝተፈጠረ ስሕተት 'ዩ። ኢትዮጵያ ኣብዚ ኩሉ ፀገም ክትኣቱ ዝኸኣለት በዚ ስሕተት 'ዩ።

ኣብ ከይዲ ታሪኽ ከምዚ ዓይነት ስሕተት ክፍጠር እንተሎ ኣዝዩ ዘሕዝን 'ዩ። ኢትዮጵያ ልዕሊ 120 ሚልዮን ህዝቢ ሒዛ ብዘይ በሪ ባሕሪ ክትነብር ከቢድ 'ዩ። ብፍላይ ናብ ባሕሪ ቀረባ እንዳሃለወት ክትዕፆ ኣይግበኣን። ታሪኻዊ ስሕተት ብምፍፃሙ ብዘይ በሪ ባሕሪ ቐርያ ኣላ ይብሉ።

እዛ ሃገር ንበሪ ባሕሪ ብዙሕ ብር እናኸፈለት ካብ ድኽነት ክትላቐቕ ኣይትኽእልን። ዓለም 'ውን ልዕሊ 120 ህዝቢ ዝሓዘት ሃገር በሪ ባሕሪ ኣይግበኣክን ክብላ ዝኽእል ኣይመስለንን። ስለዚ ቐይሕ ባሕሪ ናይ ኢትዮጵያ ነገስታት ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ባሕሪ 'ዩ ነይሩ። ከም ኢትዮጵያ ዝበላ ብዙሓት በሪ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ኣለዋ። ነዚኦን 'ውን መውፅኢ በሪ ባሕሪ የድልየን 'ዩ ተባሂሉ ዝተፈቐደለን ዓድታት ኣለዋ። ስለዚ ንኢትዮጵያ 'ውን ክፍቐደላ ይግባእ ክብሉ የብርሁ።

ምሁር ታሪኽን ሸማግለ ሃገርን ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣሕመድ ዘካሪያ ብግዲኦም፣ ኢትዮጵያን በሪ ባሕርን ናይ ነዊሕ እዋን ምትእስሳር ከምዘለዎም ይዛረቡ። ከምናቶም መብርሂ፤ ቅድሚ ዘመነ መንግስቲ ዳማትን ኣኽሱምን 'ውን ህይወት ህዝባ ምስ ባሕሪ ዝተኣሳሰረ 'ዩ ነይሩ።

ኣብ ታሪኽ ዓለም 'ውን ወድሰብ ካብ ዝተፈጠረሉ ግዜ ጀሚሩ ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝተዘርግሐ ብበሪ ባሕሪ ኣቢሉ ምኻኑ ዝገልፁ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣሕመድ፤ ኢትዮጵያ ትርከበሉ ቐርኒ ኣፍሪካ 'ውን ምስ በሪ ባሕሪ ርክብ ከምዝነበሮ ብምልዓል ከም ሃገር 'ውን ታሪኽ ስልጣነና፣ ንግድናን ብሓፈሻ ኣነባብራናን ምስ በሪ ባሕሪ ዝተራኸበ ምኻኑ ይሕብሩ።

ኢትዮጵያ ምስ በሪ ባሕሪ ዝተኣሳሰረ ነዊሕ ታሪኽ እንተሃለዋ 'ውን ንዕብየት ሓንቲ ሃገር ወሳኒ ካብ ዝኾነ በሪ ባሕሪ ንክትርሕቕ ተገዲዳ 'ያ። በሪ ባሕሪ ንምስኣንና ቐንዲ ምኽንያት ውሽጣዊ ጎንፂ 'ዩ ዝበሉ ሓጋዚ ፕሮ ኣሕመድ፤ እንተንኣሰ ምስ ኤርትራ ብምስምዕማዕ ዓሰብ ናይ ምጥቃም ዕድል ከምዝነበራ ብሕራነ የዘኻኽሩ።

ሓባራዊ ፀገም ሓባራዊ ፍታሕ ከምዝደሊ ዝዛረቡ እቶም ሓጋዚ ፕሮፌሰር፤ ሃገራት ቐርኒ ኣፍሪካ ብምትሕብባርን ብምትሕግጋዝን ኣብ ውቅያኖስ ህንዲ ንዘሎ ኣስታት ሽዱሽተ ሽሕ ኪሎሜትር ዝኸውን ጠረፍ ባሕሪ ብሓባር ክጥቀማ ከምዝኽእላ 'ውን የልዕሉ።

ምሁር ዲፕሎማሲን ፖለቲካዊ ሳይንስን ኣይተ ይስሃቅ ፍቅሩ፤ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ ሓደ ሽሕን ካብኡ ንላዕልን ዓመታት ምስ ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ዝጠበቐ ንግዳዊ ርክብ ከምዝነበራ የዘኻኽሩ። ኣብ ዘመነ መንግስቲ ኣኽሱም 'ውን ኢትዮጵያ ንቐይሕ ባሕሪ ተሳጊራ ክሳብ የመን፣ ሊባኖስ ዶባ ከምዝነበረ 'ውን ጥንታዊ ካርታታት ከምዘመላኽቱ ኣልዒሎም፤ ኣብ ቐይሕ ባሕርን ውቅያኖስ ኣትላንቲክን በሪ ባሕሪ ከምዝነበራ 'ውን የረድኡ።

ካብ ዘመነ ሃፀይ ቴዎድሮስ ናብዚ 'ውን ሃገርና ንወደብ ዓሰብ ትጥቀም ከምዝነበረት ዘዘኻኽሩ ኣይተ ይስሃቅ፤ ብዝተሰርሐ ታሪኻዊ ስሕተት ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ካብ ዝተገንፀለትሉ ግዜ ጀሚሩ በሪ ባሕሪ ዘይብላ ኾይና ይብሉ። ድሕሪ እዚ መማረፂኣ ወደብ ናብ ምክራይ ከምዘዞረት 'ውን ይሕብሩ።

ወደብ ብኽራይ ምጥቃም፣ ኢኮኖሚ ሃገርና ልዕሊ ምጉድኡ 'ውን ዋጋ ናብ ውሽጢ ሃገር ዝኣትዉ ሸቐጣት ንኽውስኽን ካብ ናይ ህዝቢ ዓቕሚ ምግዛእ ንላዕሊ ንክኸውንን ከምዝገድድ ይገልፁ።

ብተወሳኺ 'ውን ሃገርና ብኽልቲኣዊ ርክብ ጥራሕ ክተእትዎም ዝደልዮም ከም ኣፅዋራት፣ኬሚካላትን ኻልኦትን ናውቲ ሚስጢሮም ብዝተሓለወ ኹነታት ንኽይተእትው ዕንቅፋት ይኸውን።

ብመንፅር እዚ ኢትዮጵያ ምስ ወደብ ዘለዋ ታሪኻዊ ምትእስሳር ኣብ ግምት ብዘእተወ መልክዑ በሪ ባሕሪ ንምርካብ ትገብሮ ፃዕሪ ኣጠናኺራ ክትቕፅል ከምዘለዋ ዝዛረቡ ኣይተ ይስሃቅ፤ ኣብ ቀረባ በሪ ባሕሪ ንምጥቃም ምስ ሱማሌ ላንድ ዝተገበረ ስምምዕነት ግቡእነቱ ምሁራንን ዜጋታትን ክርድእዎ ከምዝግባእ ይዛረቡ።

ኣብ ኹሎም ዜጋታት ሕቶ በሪ ባሕሪ ብሄራዊ ረብሓ ናይ ምኽባር፣ ሃገር ናይ ምዕባይ ሕቶ ምኻኑ ግንዛበ ክህልው ከምዝግባእ ይዛረቡ። ከም መንግስቲ 'ውን ሕቶ በሪ ባሕሪ ሕቶ ኹሉ ዜጋ ንክኸውን ምስራሕን ዲፕሎማሲያዊ መማረፅታት ምጥቃም ትፅቢት ከምዝግበርን ይገልፁ።

ከም ርኢቶ እቶም ምሁራን ኢትዮጵያ ብመንፅር ዘለዋ ታሪኽ፣ ስፍሓትን ቑፅሪ ህዝብን ከምኡ 'ውን ድልየት ምዕባይ ሕቶ በሪ ባሕሪ መሰረታዊ ሕቶ ብምኻኑ፤ ኹሉ ዜጋ ከም ናይ ዓርሱ ጉዳይ ገይሩ ክቃለሰሉ ይግባእ።

ኢትዮጵያ ኣብ ገፀ ምድርን ኢኮኖሚን ብምምስራት ሕቶ በሪ ባሕሪ ናይ ምልዓል ሕጋዊ መሰል ከምዘለዋ ምሁራን የብርሁ። ሕቶ በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዓለም ለኻዊ ሕግታት መሰረት ዝገበረ ብምኻኑ ብዝኾነ መልክዑ ተቐባልነት ዘለዎ 'ዩ።

ካብዚ ብምልዓል 'ውን ሕቶ ወናንነት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኣዎንታዊ መልሲ ንኽረክብ ብመሰረት ዓለም ለኸ ሕጊ ብሰላማውን ዲፕሎማሲያውን መገዲ ምምጓትን ምርዳእን ከምዝግባእ ይመኽሩ።

## ዓብይ ህዳሰ ግድብ...

'ዮም ይኹን እምበር ደው ኣየበሉናን እቲ ስራሕ ወዲእናዮ ኢና ኢሎም።

እቲ ግድብ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ዝኾነ ማይ ኣይሓዘን ነይሩ፤ ከምቲ ሐዚ ዝርኣይ ዘሎ መስሊ 'ውን ኣይነበሮን ዘበሉ እቶም ቅዳማይ ሚኒስትር፤ ሎሚ ገና እቲ ግድብ ንድሕሪት ልዕሊ 205 ኪ.ሜ ማይ ዝሓዘ እንትኾን፤ ናብ ታሕቲ ዕምቆቱ ድማ 133ሜትር በፂሑ ኣሎ ኢሎም።

ህዳሰ ግድብ ልዕሊ ዘረባ ምኻኑ ብዙሓት ሪኦም 'ዮም፣ ነኺኦም እንተዘይፈሊጡምዎ ክንድምንታይ ስራሕ ከምዝኾነ ክርድእዎ ከምዘይኽእሉ ብምግላፅ፤ ዓብይ ህዳሰ ግድብ ሓሳብ ገንዘብን ግዜን ጥራሕ ኣይሃነፆን፤ ብደም 'ውን ዘተሃነፀ 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኢትዮጵያ ብዝትፍላለዩ ኣንፈታት ተታሒዛ እናሃለወት ናብ 15 ሽሕ ዝፅግዑ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ኣብቲ ግድብ ተሰማርዮም ነይሮም 'ዮም ዝበሉ 'ቶም ቀዳማይ ሚኒስተር፤ ስሚንቶ ካብ ምፍራይ ጀሚሩ ኣጎዓዒዝካ ናብቲ ቦታ ክሳብ ምብፃሕ ዝተፈላለዩ ኣስማት ብዘለዎም ዝተገዝኡ ሰባት እቲ ስራሕ ኣብዚ ሓዚ ዘለዎ ብርኪ ከይበፅሕን ደው ንክብልን ብዙሕ ገንዝብን ሂወትን ኣጥፊኦም 'ዮም ኢሎም።

ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓምታት ሲሚንቶ ካብ ደርባ ናብ ህዳሴ ግድብ ንምብፃሕ መከላኸሊ ሰራዊት ፈንጂ እናፀረገ፣ እናተዋግአ ከምዝተሰርሐ ብምሕባር፤ እቲ ግድብ ብዙሕ ሰዊእናሉ፣ ደሚናሉን ደኺምና ዝሰራሕናዮ 'ዩ ብምባል፤ ኣብ ህዳሰ ዝኸፈልናዮ ዋጋ ኣብዝሓ ኢትዮጵያዊ ቁም ነገሩን እስትራቴጂክ ሓሳቡን ብትኽክል ተረዲእዎ ተዝኸውን ነይሩ በዚ ደረጃ ዋጋ ኣይንኸፍልን ነይርና ክብሉ ተዛሪቦም።

ከምሃገር ዘሎን ዘየሎን ሃፍትና ኣኪብና፣ ለሚንና፣ ዜጋታት ዘለዎም ኣውፂኦም እቲ ግድብ ምስርሑ ብመግላፅ፤ ካልኦት ድማ ዘለዎም ሃፍትን ግዜን ኣዋፂኦም ዓለምለኸ ፅዕንቶ ንምፍጣር፤ ኣብ ሃገር ውሽጢ ንምዕጣቅ መዲቦም ዝሰርሑ ከምዝነበሩ ኣረዲኦም።

በዚ ውሽጢ ተሓሊፉ ሎሚ ህዳሰ ብዘግርም መንገዲ ማይ ሒዙ ሪእናዮ ዝበሉ 'ቶም ቀዳማይ ሚኒስተር፤ ኢትዮጵያውያን ካብ ዝኾነ እዋን ብዝተፈለየ መንገዲ ምርድዳእ፣ ንናይ ሓባር ዕላማ ደው ምባል፣ ብዘለና ዓቕሚ፣ ጉለበትን ግዜን ኩሉ ምትሕብባር ኣደላይ 'ዩ ኢሎም።

ምፍራይ ስንዳይ፣ ሓምላዋይ ኣሰር፣ ኮሪደር ልመዓትን ህዳሴ ግድብን በቀሊሉ ዝርኣዩ ከምዘይኮኑን፤ ኣድኻሚ ነገር ምኻኑ ብምፍላጥ ምትሕብባርን ምድማርን ብጣዕሚ ኣድላይ ምኻኑ ብምሕባር፤ ህዳሰን ሓምላዋይ ኣሰርን ምስ መንግስቲ ዝኾነ ምትእስሳር የብሎምን፤ እቲ ግድብ ቀጥታ ምስ ኢትዮጵያን ኢትዮጵውያን ኮይኑ ቀፃልነት ዘለዎ ናይ ወለዶ ብምቅብባል ህልውና ሃገር ምስምቕፃል ዝተኣሳሰር ምኻኑ ኣረዲኦም።

ብተርባይነር ካብ ዘሓለፍ ማይ ብተወሳኺ ብመተንፈሲ በሪ እቲ ግድብ ብሓደ ሰከንድ 2ሽሕን 800ን ሜትር ኪዮብ ማይ ናብ ሃገራት ተፋሰስ ምልቃቅ ምጅማሩ ብምግላፅ እቲ ማይ ናይ ሓባር ሃፍትና ብምኻኑ ከም ሃገርን ህዝብን ዝግብኣና ተጠቂምና ዝግብኦም ድማ ንኣሕዋትና ምክፋል 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም።

## ባዓላት ኣደባባይ...

መምህር መሰረት ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበረን ፃንሒት ከምዝገለፀኦ፤ ከም ባዓል ኣሸንዳን ካልኦት በዓላት ኣደባባይ ባህላዊ ባዓልነቶም ከይተበረዘ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክመሓላለፉ ይግባእ ኢለን።

ብዙሕ ግዜ ብዘመናዊነት፣ ብኣነባብራ ለውጢ ተበሪዞም ባህላውነቶም ሓልዮም ዘይኽበረሎም ባዓላት እንተጋጥሙ ንርኢ ኢና፤ በዓል ኣሸንዳ እንተርኢና ደቂ ኣንስትዮ ካብ ኣሰራርሓ ፀጉሪ ጀሚሩ ካብ ዝኽደንኦ ኽዳን ናይቲ ኸባቢ ኢደ ጥበብ ውፅኢት ስለዝኾነ ባህላዊ ካብ ዘብሎም እቲ ሓደ እዚ 'ዩ። ትኽክለኛ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ ክረአ ካብ ዝግበሩ ባህላዊ ባዓል እቲ ዋና 'ዩ፤ ኣብቲ ግዜ ዝድረፉ ግጥምታትን ዜማታትን ዝገልፁ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ትርጉምን መልእኽትን ዝሓዘ ከምዝኾነን ካብዚኦም እቲ ሓደ ማሕበረሰባዊ ሂስ ምሃብ ፣ዝድነቕ ንምድናቕ፣ ዝኽበር ምኽባር፣ ክስተኻኸል ዘለዎ ነገር ድማ ንክስተኻኸል ናይ ምግላፅ ዕድልን ነፃነትን ንደቂ ኣሸንዳ ተዋሂብወን 'ዩ ክብላ ኣብሪሀን። ስለዝኾነ ድማ ባህላዊ ትሕዝትኡ ንከይለቅቕ ክንጥንቀቕ ኣለና ኢለን።

ኣብ ቀረባ እናረእናዮ ዘለና ኣብ ሓደ ቦታ ተኣኪብካ ብባንዲ ምኽባር፣መስተ ምስታይ ፣ ዘመናዊ ዳንስ ምድናስ ባዕልኻ ዘይምሕላው ከምዘለዉ ንዕዘብ ኣለና ዝበላ መምህር መሰረት፤ እዚ ነገር ክውገዝ ዘለዎን እዚ ባህሊ በዚ መልክዑ ዝመፀ ኣይኮነን፤ ጭራሽ 'ውን ካብ ባህሊ ወፃኢ 'ዩ ክብላ ኣብሪሀን። ማሕበረሰብ ዘለዉዎ ፅቡቑዓት ዝኾኑ እሴታት ዘውርዱ ስለዝኾኑ ትኹረት ተገይርሎም እቲ ትኽክለኛ ባህሊ ተሓልዩ ክግለፅን ዓለምለኸ ኣፍልጦ ንክረክብ ናይ ኹላትና ሓላፍነት ይደሊ ኢለን።

# ብምድህማስ መሬት...



ኣብ ወረዳ ሰልውሃ ልዕሊ 4ሽሕ ክፋላት ሕብረተሰብ ብሰንኪ ምድህማስ መሬት ካብ መረበቶም ተማዛቢሎም ኣብ ቐረበኦም ናብ ዝርከቡ ጣብያታትን ቑሸታትን ንምፅላል ከምዝተገደዱ ኣይተ ሃፍቱ ኪሮስ ወሲኾም ሓቢሮም።

ልዕሊ 2ሚኢቲ ዝኾኑ መራሕቲ ስድራ ተፈናቒሎም ኣብ ዴላ ኣለዉ፤ ብድምር ልዕሊ 4ሽሕ መራሕቲ ስድራ ሕዚ ኣብ ዴላን ኣብ ተፈላላዩ ኣብያተ ትምህርትን ዓቍቦም ይርከቡ። ከምኡ 'ውን ኣብ ወረዳ ዛታ ብዝተፈጥረ ምድህማስ መሬት ናይ ሓንቲ ወገን ህይወት ከምዝሓለፈ ገሊፆም።

ኣብ ካሊእ 'ውን ከጋጥመና ይኽእል 'ዩ፤ ኣብ መንጎ ኦፍላን ዛታን መገዲ 'ዩ ዓፅዩ ዘሎ፤ ምንቕስቓስ ከሊኡና ኣሎ። ከምዚ ዓይነት ሓደጋ ከጋጥም ስለ ዝኽእል ጥንቃቐ ክንገብር ኣለና። ብፍላይ ካብ ከባቢ ሩባታትን ገደላትን ክንርሕቕ ኣለና ክብሉ ምዒዶም።

ብተወሳኺ ምክትል ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ቑጠባ ወረዳ እንዳሞኾኒ ኣይተ ሃይለ ኣሰፋ፤ ኣብ ወረዳ እንዳሞኾኒ ጣብያ መኻን ብዘጋጠመ ምድህማስ መሬት ብመደብ ሶፍቲኔት ፕሮግራምን ተሳትፎ ሕብረተሰብን ዝተሰርሐ ሃፍቲ ተፈጥሮ ንምሕዋይ ብጋቢኒን እምንን ዝተሃነፁ ዛላታት ከምዝፈረሱን እቲ ሓደጋ ክውስኽ ስለዝኽእልን ወለዲ ኣብ ጥሪቶምን ደቖምን ክትትል ክገብሩ ከምዝግባእ ምዒዶም።

ሕዚ 'ውን ዓብዪ ዝኾነ ናይ ዝናብ ፃዕቒ ከጋጥም ስለዝኽእል በዚ ኣቢሉ ድማ ተወሳኺ ምድህማስ መሬት ከጋጥመና ስለዝኽእል ንማሕበረሰብ ሓበሬታ የድሊ 'ዩ። እንስሳ 'ውን ተኣሲረን ኣብ ገዝአን ክውዕላ ኣለወን ኢሎም።

ጥልቀቱ ካብ 10 ሜትሮ ንውሓት ድማ ከባቢ 24 ሜትሮ ዝኸውን ናይ መሬት ምድህማስ ከምዘጋጠመ ብመህባር፤ እዚ ሓደ ናይ ማሕበረሰብ መንገዲ፤ ኩሉ ናይ ሕርሻ ስራሕቲ፣ ይኹን እንስሳት መሕለፊ መንገዲ ዓፅዩ ከምዘሎን እቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደጋ ንቐፃሊ ትኹረት እንድሕር ዘይተገይርዎ ብጣዕሚ ዓብዪ ፀገም ክገጥም ከምዝኽእል ኣጠንቒቖም።

ምስእዚ ተተሓሒዙ ከምሓበሬታ ድወት፣ኢንስቲትዮት ትንበያ ሜትሮሎጂ ኢትዮጵያ ጨንፈር ትግራይ፤ ኣብ ትግራይ ኣብዚ ሰሙን ስሩዕን ልዕሊ ስሩዕን መጠን ዝርገሐ ዝናብ ክህሉ ትፅቢት ከምዝግበር ብምምልኻት፤ ሓረስታይ ኣብ ግራቱ ዝዓቁር ማይ ከፅፍፍ፣ድሕንነት መንበሪ ኣባይቱ ክከታተል፣በረድን ውሕጅን ስዒቡ ጉድኣት ከይበፅሕ ክትትል ክገብር ከምዘለዎ 'ውን ኣገንዚቡ 'ዩ።

ኣብቲ ኢንስቲትዩት ሓጋዚ ተመራማሪ ሜትሮሎጂ ኣይተ ሃፍተ ፀጋይ፤ ኣብዚ ሰሙን ስሩዕን ልዕሊ ስሩዕን ዝናብ ትፅቢት ከምዝግበር ብምሕባር፤ ኣብ መብዛሕቲኡ ከባብታት ትግራይ ኣብዚ ሰሙን ማእኸላይን ከቢድን ዝናብ ከምዝህሉ ኣማላኺቶም።

ሎሚ ኣብ ውሱን ከባብታት ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ፣ዞባ ማእኸል፣ዞባ ደቡብ ምብራቕን ዞባ ደቡብን እንትኾኑ፤ዝተረፉ ከባብታት ትግራይ ድማ ካብ ቀሊል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዝርገሐ ዝናብ ክረኽቡ ትፅቢት ይግበር።

24 ነሓሰ 2016 ዓ/ም ኣብ ውስን ከባብታት ማእኸልን ሰሜን ምዕራብን ከቢድ ዝናብ ከምዝህሉ ትንበያ ሜትሮሎጂ የመላኽት። ዝተረፉ ከባብታት ትግራይ ድማ ካብ ቀሊል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዝናብ ክረኽቡ ትፅቢት ይግበር።

25 ነሓሰ 2016 ዓ/ም ኣብ ውስን ከባብታት ዞባ ምዕራብ፣ዞባ ሰሜን ምዕራብ፣ዞባ ምብራቕ፤ዞባ ማእኸልን ዞባ ደቡብን ካብ ማእኸላይ ክሳብ ከቢድ ዝርገሐ ዝናብ ክህሉ ትንበያ ሜትሮሎጂ የመላኽት።

ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ ኣብዚ ሰመን ሰሩዕን ልዕሊ ስሩዕን መጠን ዝናብ ከምዝህሉን ነዚ ስዒቡ 'ውን ጥንቃቐ ክግበር ከምዘለዎን ኣይተ ሃፍተ ፀጋይ ኣገንዚቦም።

ኣይተ ሃፍተ ፀጋይ፣ ሓረስታይ ኣብ ግራቱ ዝዓቁር ማይ ከፅፍፍ ፣ድሕንነት መንበሪ ኣባይቱ ክኸታተል፣በረድን ውሕጅን ስዒቡ ጉድኣት ከይበፅሕ ክከታተል፣ምስ ሰብ ሞያ ሕርሻን ጥዕናን እናተረዳደኣ ጉዳይ ሕርሻን ምስ ምብካል ማይ ክመፁ ዝኽእሉ ሕማማት ክኸላኸልን ከምዝግባእ ኣመላኺቶም።

# ዓይኒ-ዋሪ ቕነ ብስራት ሓዱሽ ዓመት

መኣዲ ጥበብ

ኣብርሃ ሓጎስ

እዚ ዘለናሉ ወርሒ ነሓሰ ብብዙሓት ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን ፀጋታትን ኩነታትን ዝደመቐን መሬት ብተፈጥራዊ ፅባቐኣ ዝትምዕርገሉን ምምፃእ ሓዱሽ ዓመት ሓዱሽ ተስፋ ዝብሰረሉን፤ ነዚ ብስራት ሓዱሽ ዓመት ድምቀት ሃይማኖታዊን ባህላዊን ክብረ በዓላት 'ውን ዝለዓለ 'ዩ ምባል ይከኣል።

ከምዝፍለጥ ኣብ መላእ ከባቢታት ትግራይ በዓል ኣሸንዳ፣ ማርያ፣ ዓይኒ-ዋሪን ሒንግደይ-ፅሞረይን ኣብ ገለ ከባቢታት ኣምሓራ ድማ ከም ኣሸንድየ ሻደይን ሶለልን ዝርከበሉ ቅንያት 'ዩ። ኣብ ዝሓለፉ ሒደት መዓልቲታት 'ውን ኣሸንዳን ማርያን ነቲ እዋን ብዝገልፁ ዝተፈላለዩ ምድላዋት ብምግባር ብድሙቅ ክኽበር ዝቐነየ እንትኸውን ፅባሕ ነሓሰ 24ን ድማ ክብረ በዓል ዓይኒ ዋሪ ኣብ ከተማ ኣክሱምን ከባቢኣን "ክብርታት ዓይኒ ዋሪ ንኽብሪ ደቂ ዓይኒ ዋሪን ብሩህ መፃኢ ትግራይን" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ብድምቀት ዝኽበር ኮይኑ፤ ሒንግደይ-ፅሞረይ ድማ ኣብ ከባቢ ፀለምቲ ኣብ 29 ነሓሰ ከምዝኽበር ይገለፅ።

ሓበሬታ ርክብ ህዝቢ ከተማ ኣኽሱም ከምዝሕብሮ፤ ነሓሰ 24 ዝኽበር በዓል ዓይኒ-ዋሪ ባህላዊ፣ ሃይማኖታዊን ታሪኻዊን ትሕዝቱኡ ከይተበረዘ ብፍሉይ ድምቀትን ንምኽባር ምድላዋት እናተወገነ ምዃኑን

እቲ በዓል መሰረት ስልጣነን ሰርዓት ሃይማኖትን ኣብ ዝኾነት ጥንታዊትን ታሪኻዊትን ከተማ ኣኽሱም፤ ብመንፈሳዊ ምስጋናን ብያሬዳዊ መዝሙርን ሃይማኖታዊን ታሪኻዊን ትውፊታቱ ኸይተበረዘ ብመራሕቲ ሃይማኖትን ተዓጅቡ ብፍሉይ ድምቀትን ከምዝኽበር ኢዩ ተገሊፁ ዘሎ።

መዕርፎ ነፈርቲ ሃፀይ ዮውሃንስ 4ይ ኣኽሱም ተፀጊኑ ግልጋሎት ብምጅማሩ፦ ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝመፁ ኣጋይሽ ከይተንገላትዑ ብቀጥታ ዝመፅሉ ብምዃኑ ብፍሉይ ድምቀት ክኽበር ኢዩ ዝብል ትፅቢት ከምዘሎ 'ውን 'ዩ ዝግለፅ ዘሎ፡፡

ብመዝገበ ዘባዜን ከምዝተፃሕፈ፤ ዓይኒ ዋሪ ዝብል ቃል እማርያዊ ትርጉሙ "ናይ ዋሪ ዓይኒ " ማለት እንትኸውን ዋሪ እትበሃል ዓይነት ዑፍ የመልኽት። ዋሪ ውቅብቲ ፥ መፃውቲ ቈልዑ "ብይ" ዝመስል ሰማያዊ ዕንቍ ሕብረ ቀለማት ዘለዋ ፥ ኵሉ ጊዜ ካብ 24 ነሓሰ ክሳብ መጀመርታ ወርሒ ጥቕምቲ ኣብ ዘሎ እዋን ብፍሉይን ስሕት ኢላ እትርእ ካብ ካልኦት ዓሌታት ኣዕዋፍ ዝተፈለየት ዑፍ 'ያ።

ናይ ዋሪ ዓይኒ ፃዕዳን ቀይሕን ሕብረ ቀለም ዘለዎ ፥ ብጣዕሚ ድሙቅን ሰሓባይን ኮይኑ ካብኣ ዝመፀ ንኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያምን ንፅላተ ሙሴን ዝተውሃበ ውዳሴ 'ዩ/መዝገበ ፣ 2011)። ነዚ መረጋገፂ 'ውን ጠቢቡ ሰለሙን ብመኀልየ መዝሙሩ "ርግብየ ይቤላ በእንተ የዋህታ ወሠናይት በእንተ ኣርምሞታ ፤ ስለ የዋህነታ ርግበይ ይብላ ፣ ስለ ስቕትኣ /ትዕግስትኣ/ ድማ ፅብቕተይ" ይብላ ዝብል መፅሓፍ ቅዱሳዊ ቃል ምርኣይ ይከኣል።

ብመሰረት ወሰነ ትርጉምን ኣምርን ትካል ትምህርቲ፣ ሳይንስን ባህልን ሕቡራት መንግስታት /UNESCO፣ 1982 / ድማ ናይ ሓደ ነገር እንታይነት ዝንፀር እቶም ትእምርታዊ ውክልና ዘሎዎም ጉዳያት ብፍካረ እንትግለፁ 'ዩ ስለ ዝብል ብዚ መመዘኒ ነጥቢ እንትርእ ዓይኒ ዋሪ ፍካሬያዊ ትርጉሙ ሽልምቲ ዒፍ ማለት እንትኸውን ተምሳሌታዊ ውክልንኡ ድማ ንታወተ ፅዮን፣ ንፅላተ ሙሴ፣ ንኣዋልደ ፅዮን ፣ ንቅድስቲ ድንግል ማርያም፣ ንፅባቐ ገፀ መሬት ወርሒ ነሓሰ ዝገልፅ ኰይኑ ንረኽቦ።

ዋሪ ዓይና ድሙቕ 'ዩ ፤ ወርሒ ነሓሰ ድማ ካብ ካልኦት ኣዋርሕ ብፍሉይ ውቑብ 'ዩ። ንኣብነት ድሕሪ 24 ነሓሰ ዘለው መዓልታት እንተርኢና ዝናብ እናቀነሰ ዝኸደሉ፣ ሓረስታይ ትግራይ ዝዘርኦም ዝራእቲ ከም ዕፉን ዝበሉ ዝበልዐሉ፣ ዝተፈላለዩ ዝራእቲ ከም ስገም ዝበሉ ዝሸውትሉ፣ ዕምበባታትን ካልኦት ተኽልታትን ለምሊሞም ፥ ንዓይኒ ሰሓብቲ ኰይኖም ፥ ደሚቆም ዝረኣይሉ ወርሒ 'ዩ። ዒፍ ዋሪ ዘድልዩዋ ምግብታት ብምሽታት ኣቢላ እትእልሽ ዓይነት ዑፍ ስለዝኾነት መብዛሕቲኡ ጊዜ ገና ዘይዓደሉ ፥ ዘይባፅሑ ብሸዊቶም ዝብልዑ ምግብታት ከም እኒ ምሽላ ባሕሪ (ዕፉን) እናመረፀት ትበልዕ። ኣኽሱምን ከባቢኡን ከምዚ እናተብሃለ ንዒፍ ዋሪ ይድረፈላ።

ኦ.... ዋሪየ ዋሪ<br>
ኦ... እንታይ ትድረሪ<br>
ኦ... ፃዕዳ ምሽላ<br>
ኦ... መን ዝሓረሶ<br>
ኦ... ሓረስታይ ቆላ/ኣብርሃ ቆላ/።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ኣብያተ ክርስትያናት፣ ዩኒቨርሲታት፣ መርዓታት፣ ንዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝውዕል "ካባ" ሕብረ ቀለማቱ ብቀጥታ ምስ ዓይኒ ዋሪ ከምዝተሓሓዝ ታሪኽ ድርሳናት ይሕብሩ/ሀብተማርያም ፣ 1986 ፤ ግርማ ፣ 1991፣ በላይ ፣ 1991)። ካብዚ ብተወሳኺ ናይ ዒፍ ዋሪ ክንቲት ሕብሩ ክዳን (ልብሰ) ማርያም ከምዝኾነ ንመፅናዕቲ ዘዛራረብኹም ሊቃውንቲ ቤተክርስትያን ይሕብሩ።

ብፍላይ ዓይኒዋሪ ኣዋልድ ብባህላዊ ክዳንን መጋየጺታትን ወቂበን፣ ፀቢቀን ፣ተመላኪዐንን ፣ ንከባብኣን ግርማ ኮይነን ኣብ ድሮ ብስራት መእተዊ ሓድሽ ዓመት ዘኽብርኦ ክብረ ብዓልን ባህላዊ ፀወታን ብምዃኑ ድማ ፍሉይ ከምዝገብሮ ይግለፅ።

እዚ በዓል ኣዋልድ ብዘይምንም ፅዕንቶ ብነፃነት ሓቢረን ዘኽብርኦን ዝፃወትኦን ብምዃኑ ኣብ ምብቃዕን ምርግጋፅ ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣወንታዊ ተራ ይፃወት ።

መጋየፂታትን መፃባበቒታትን በዓል ማርያ/ዓይኒ ዋሪ / ኣሸንዳ ካብዝኾኑ፤ ፅሩራ፣ ኩትሻ/ጉባጉብ፣ ዝውጦ፣ ሕንቆ መስቀል ፣ደብሪ መስቀል፣ ኩሕሊ፣ ዙርያ ጥልፊ ቐምሽ መቀነትን፣ ሃሪ ማዕተብ፣ ዛዕጎል/መልጎም፣ ማርዳ፣ ሽቱ/ኣሽኩቲ/ጨና ኣዳም፣ ከበሮ፣ ባዕሉ ቆፅሊ/ ሳዕሪ ኣሸንዳ ብዝኣምሰሉ ደሚቁ ዝብዓል ኮይኑ፤ ኣብዚ ኣዋልድ ብመልክዕ ፀወታ ዝተፈላለዩ ቁምነገራት ብዋዛ ዘመሓላልፋ ኮይነን፤ ካብቶም ኣብዚ ዝቀርቡ መልእኽታት ብዛዕባ ነፃነትን ቁልዕነትን፣ መወድስ፣ ተግሳፅ፣ ማዕዳ፣ እምነትን ፍኩክርን ዝኣምሰሉ ይንፀባርቃ 'የን።

ኣብ መወዳእታ ሓላፊ ቢሮ ቱሪዘምን ባህልን ትግራይ ኣይተ ኣፅብሃ ገብረእግዚኣብሄር ኣብ ማሕበራዊ ድሕረ ገፆም ክምዝገለፅዎ፤ በዓል ኣሸንዳ 2016 ብሰላማዊ መንገዲ ክሓልፍ ዝደገፍኩም ኩልኹም ኣካላት ንኹልኹም ክብሪ ይግበኣኩም። ብፍላይ ፀጥታ ሓይልታት ትግራይ ፀሓይ ቁርን ዝናብን ድኻምን ካልኦት ፀገማትን ተፃዊርኩም ብልዑል ምንባብን ምውዳድን በዓል ኣሸንዳ ብሰላማዊ መንገዲ ክሓልፍ ዝገበርክምዎ ዓቅሚ ፀጥታ ትግራይ ዘርኢ ውሕሉል ተግባር 'ዩ ሞ ኣብ በዓል ዓይኒዋርን ካልኦት በዓላትን 'ውን ተመሳሳሊ ሓልዮትን ግልጋሎትን ትፅቢት ይግበር፡፡





# ስፖርት



# በሪሁ ኣረጋዊ 3ሽሕ ሜትሮ ክብረወሰን ኢትዮጵያ ሰቢሩ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኦሊምፒክ ፓሪስ 10 ሽሕ ሜትሮ ሜዳልያ ብሩር ተዓዋታይ ኣትሌት በሪሁ ኣረጋዊ ናይ ኢትዮጵያ 3ሽሕ ሜትሮ ክብረወሰን ሰቢሩ፡፡ ሊግ ውድድር ዳይመንድ 2024 ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት 19 ነሓሰ2016 መበል12 መባፅሒት ከተማ ዝኾነት ኣብ ፓላንድ ቾርዞው ከተማ ስታድየም ሴሌሲያን እንትካየድ ኣትሌት መንእሰይ በሪሁ ኣረጋዊ 3ሽሕ ሜትሮ ውድድር መበል ካልኣይ ኾይኑ ዛዚሙ ‘ዩ፡፡ ኣብ ናይ ነዊሕ ርሕቐት ብዙሓት ከዋኽብት ኢትዮጵያውያን ዝተሳተፍሉ ውድድር በሪሁ ቀዳማይ ኾይኑ ምዝዛም እንተዘይኻኣለ ‘ውን ኻልኣይ ኾይኑ እንትዛዝም ዘመዝገቦ 7፡21፡28 ሰዓት ናይ ኢትዮጵያ ክብረወሰን ንክሕዝ ኣኽኢልዎ ‘ዩ፡፡ እዚ ሰዓት በዚ ርሕቐት ናይ ዓለም መበል ሳልሳይ ፈጣን ሰዓት ኾይኑ ተመዝጊቡ ‘ዩ፡፡

ጠንካራ ንሕንሕ ዝተርኣየሉ ኣብዚ ውድድር ኖርዌዣዊ ናይ 5ሽሕ ሜትሮን ናይ ኦሊምፒክን ቻምፒዮና ዓለምን ጃኮብ ኢንግብሪግስተን ናይ 3ሽሕ ሜትሮ ናይ ዓለም ክብረወሰን ሰቢሩ ‘ዩ፡፡ ጃኮብ 7፡17.55 ብዝኾነ ሰዓት ክብረወሰን እንተመሓይሽ ፤ብኬንያዊ ኣትሌት ን28 ዓመታት ተዳሒዙ ዝፀንሐ ክብረወሰን ሰቢሩ ‘ዩ፡፡ ነዚ ድማ መበል ካልኣይ ኾይኑ ዝዛዛመ መንእሰይ ኢትጵያዊ ኣትሌት በሪሁ እቲ ውድድር ካብ መጀመርያ ጀሚሩ ብምፍጣን ዘርኣዮ ፅቡቅ ብቅዓት ዓብይ ግደ ነይርዎ ፡፡

ድሕሪ 2024 ኦሊምፒክ ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ኣብ ዝተሳተፍሉ ኣብዚ ዳይመንድ ሊግ ፍኽክር ንዓወት ትፅቢት ዝገበረሎም ኣትሌታት ዘይተሳኸዐሎም ተሪፍ ‘ዩ፡፡ ብ3ሽሕ ሜትሮ ናይዚ እዋን ናይ ዓለምና ቁፅሪ ሓደ ብርኪ ዝተቀመጠ ዮሚፍ ቀጀልቻ 7፡28፡44 ብዝኾነ ሰዓት መበል ሳልሳይ ኾይኑ እንትዛዝም፤ በዚ ርሕቐት ንመጀመርያ እዋን ዝተሳተፈ ኢትዮጵያዊ ኣትሌት ጥላሁን ሃይለ 7፡30፡97 ብዝኾነ ሰዓት መበል ራብዓይ ኾይኑ ዛዚሙ ‘ዩ፡፡ ናይ ቶኪዮ 2020 ኦሎምፒክ ናይ10ሽሕ ሜትሮ ተዓዋታይ ኣትሌት ሰለሞን ባረጋ ብ7፡32፡49 ሰዓት መበል ሻውዓይ ብርኪ ሒዙ ዛዚሙ ‘ዩ፡፡




ኣትሌት በሪሁ ኣረጋዊ




ኣትሌት ድሪቤ ወልተጂን ፍረወይኒ ሃይሉን

ዋና ከተማ ፓላንድ ሴሌሲያ ስታድየም ብዝተፈላለዩ ውድድራት ናይ ዓለም ክብረወሰንን ፈጣን ሰዓት ኣብ ዝተመዝገብሉ ምሸት ትፅቢት ዝግበረሉ ዝነበረ ናይ ደቂ ኣንስትዮ 1500 ሜትሮ ውድድር ብ ኣትሌታት ኢትዮጵያ ተዓዋትነት ተዛዚሙ ‘ዩ፡፡ ኢትዮጵያዊት ኣትሌትን ዓብይ ተስፋ ዝተውሃባ ኣትሌት ድሪቤ ወልተጂ ብ1500 ሜትሮ ርሕቐት ተዓዋቲት ኾይና ‘ያ፡፡ እታ መንእሰይ ኣትሌት እቲ ርሕቐት 3፡57፡08 ብዝኾነ ሰዓት ክትዛዝም ክኢላ ‘ያ፡፡ ድሪቤ ካብ ፓሪስ ኦሎምፒክ መልሲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ስዊዘርላንድ ሉዛን ዲያመንድ ሊግ ብ3ሽሕ ሜትሮ ተሳቲፉ ናይቲ ውድድር ክብረወሰን ብምስባር ተዓዋቲት ከምዝኾነት ዝዝከር ‘ዩ፡፡ እዚ ድማ ብኣርባዕተ መዓልቲ ኣፈላላይ ብኽልተ ዝተፈላለዩ ርሕቐት ተዓዋቲት ንክትኾን ኣኽኢልዋ ‘ዩ፡፡

ካሊእቲ ኣትሌት ፍረወይኒ ሃይሉ ኣብ ፓሪስ ኦሎምፒክ ኣብ ፅቡቕ ቅዋም እናሃለወት ዘይተሳተፈት ዝተረፈት ኣብ ድያመንድ ሊግ ፅቡቕ ፍኽክር ገይራ 3፡57፡88 ብዝኾነ ሰዓት መበል ካልኣይ ኾይና እንትዛዝም ፤እንግሊዛዊት ቤሊ ጂዮርጂያ 3፡58፡11 ብዝኾነ ሰዓት መበል ሳልሰይቲ ኾይና ዛዚማ ‘ያ፡፡

ብተመሳሳሊ ትፅቢት ዝግበረሉ ዝነበረ ብደቂ ተባዕትዮ 3ሽሕ መሰናኽል ወድድር ሞሮካዊ ባዓል ዋና ናይ ኦሎምፒክን ቻምፒዮና ዓለምን ሶፊያን ኤልባካሊ ተዓዊቱ፡፡ ድሕሪ ፓሪስ በዚ ድያመንድ ሊግ ብርቱዕ ንሕንሕ እንተገጠሞ ‘ውን ምስ ኬንያዊ ኣሞስ ሴሬም ማዕረ ብዝኾነ ሰዓት (8፡04፡29) ብምዝዛም ብፎቶ ፊኒሽ ተዓዋታይነቱ ክረጋግፅ ክኢሉ ‘ዩ፡፡

ኣብ ኦሊምፒክ ፓሪስ ናይቲ ርሕቐት ሜዳልያ ወርቂ ንምርካብ እንትወዳደር መሰናኽል ጠሊፍዎ ዝወደቀ ናይቲ ርሕቐት ባዓል ዋና ክብረወሰን ዓለም ለሜቻ ግርማ ኣብ ድያመንድ ሊግ ኣይተሳተፈን፡፡ ኣብዚ ውድደር ቅድም ኢሉ ናይ ተዓዋትነት ግምት ተዋሂብዎም ዝነበረ ኣትሌታት ክዕወቱ ኣይካኣሉን፡፡ ሳሙኤል ፍሬው መበል 3 ፤ሳሙኤል ዱጉማ መበል8፤ ከምኡ ‘ውን ጌትነት ዋለ መበል11 ኾይኖም ውድድሮም እንትዛዝሙ ኣብርሃ ስሜ ድማ ኣቋሪፁ ወፂኡ ‘ዩ፡፡

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ